ኢፕድ

# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 12 23 ጥሪ 2016 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00

# ‹‹ኣብ ኢትዮጵያ ልኡላውነት ምግቢ ብምርግጋፅ ሃገራዊ ብልፅግና ጋህዲ ንምግባር ፃዕርታት ይግበር ኣሎ››

*- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)*

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ኢትዮጵያ ልኡላውነት ምግቢ ብምርግጋፅ ሃገራዊ ብልፅግና ንምግሃድ ቖላሕታ ተዋሂብዎ እናተሰርሐ ከምዘሎ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ውሕስና ምግብን ብዝተመጣጠነ ቀረብ ምግብን ንዘርአይዎ ራእይ፣ ኣመራርሓን ተወፋይነትን ብውድብ ምግብን ሕርሻን ሕቡራት መንግስታት (ፋኦ) መዳልያ ኣግሪኮላ ተሸሊሞም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብቲ መድረኽ ተረኺቦም ኣብዝገበርዎ መደረ፣ ውድብ ምግቢ ዓለም ንዘተበርከተሎም መዳልያ ብትሕትና ከምዝተቐበሉ ኣፍሊጦም።

ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅን ተበፃሕነት ዝተመጣጠነ ምግቢ ንምርግጋፅ ብዝሰርሐቶ ስራሕ ኣፍልጦ ምርካባ ታሕጓስ ከምተሰመዖም ገሊፆም።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥሜት ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ምጥፋእ ብተወሳኺ ልኡላውነት ምግቢ ብምርግጋፅ ንሃገራዊ ብልፅግና ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊፆም።



ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ብዙሓት ዘይተነኸኡ ጥረ ሃፍቲታት፣ ምቹው ኩነታት ኣየር ዘለዋን ፃዕራም መንእሰይ ወለዶ ዘለዋ ሃገር ምዃና 'ውን ገሊፆም።

ነዚ ፀጋታት ኣብ ግምት ብምእታው ልምዓት ብታሪኽ

‹‹ኣብ ኢትዮጵያ...ናብ ገፅ 6



ኣይተ ሚኪኤል ምሩፅ

## ‹‹ወፍሪ ዕቑባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ቑጠባዊ ውሕስናና›› ካብ ክልተ ለካቲት ክምዝጅመር ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ናይ 2016 ዓ.ም ብብርኪ ክልል ስራሕቲ ዕቑባ ሓመድን ማይን ‹‹ወፍሪ ዕቑባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ቑጠባዊ ውሕስናና›› ብዝብል ቴማ ካብ 2 ለካቲት ብዕሊ ከምዝጅመር ቢሮ ሕርሻ እቲ ክልል ኣፍሊጡ።ከምኡ 'ውን ልዕሊ 50 ሺሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ እናለምዐ ከምዝርከብ ተገሊፁ።

ዳይሬክተር ኮሙኒኬሽን ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ሚኪኤል ምሩፅ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብዝነበሮም ፃኒሕት ከምዝገለፅዎ፤ ካብ 28 ጥሪ ኣቢሉ ናይ ሰማእታት ወፍሪ ከም ተሞክሮ ዝውሰድ ወፍሪ ክህሉ 'ዩ።ቐፂሉ ኣብ ሓደ ለካቲት እቶም ናብ ናይ ሓመድን ማይን ዕቑባ ንምእታው ኣቐዲምካ ክካየዱ ዝፀንሑ ምድላዋት ብምግምጋም 2 ለካቲት ናብቲ ስሩዕ

‹‹ወፍሪ ዕቕባ...ናብ ገፅ 6

## ኣብ ከተማ መቐለ 506 ሄክታር ዝኸውን መሬት ብመስኖ ይለምዕ ኣሎ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ከተማ መቐለ ንልምዓት መስኖ ምቹው ዝኾነ 783 ሄክታር ዘሎ እንትኾን ካብዚ ድማ ክሳብ ሐዚ 506 ሄክታር ዝኸውን መሬት ብመስኖ ይለምዕ ከምዘሎ ተገሊፁ።

ኣብ ከተማ መቐለ ኣተሓባባሪ ልምዓት መስኖ ዝኾኑ ኣይተ ኣሸብር ኣብርሃ ንግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ(ግዜኢ) ከምዝገለፅዎ፣ ኣብቲ ከተማ ክሳብ ሐዚ ናብ 506 ሄክታር መሬት ዝኸውን ብመስኖ እናለምዐ እንትኾን፤ኣብ ከተማታት ዘሎ ጠለብ ዕዳጋ ኣብ ልምዓት መስኖ ንዘተዋፈሩ ነበርቲ ብዝበለፀ ዘነቓቕሕ'ዩ፡፡

ኣብታ ከተማ ኣብ መስኖ ልምዓት ዝተዋፈሩ ነበርቲ ብወገኖም ከምዝበልዎ፤ ናይታ ከተማ ጠለብ ኣትኽልትን ፍራምረን ንምምላእ ትኹረት ሂቦም እናሰርሑ ምዃኖም ተዛሪቦም።

ኣብታ ከተማ ዝርከቡ ክፍቲ ቦታታት ልምዓት መስኖ ኣብ ምውፋር ዝርከቡ ነበርቲ ንግዜኢ ከምዝገልፅዎ፤ ዋጋ ኣትኽልትን ፍራምረን ተመጣጣኒ ንምግባር ብትኹረት

ኣብ ከተማ መቐለ ...ናብ ገፅ 6



መስሕባት ቱሪዝም ትግራይ ዝጉብንዩ በፃሕቲ ዓዲ

## ቱሪዝም ትግራይ ንምዕዛዝ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ምልሳይን ምልማዕን እቲ ቱሪዝም ግደኦም ክፃወቱ ፃውዒት ቀሪቡ

**• ፕሮጀክት መኣዲ ንወለዶ ኅቦታት ገርዓልታ ንምጅማር ቅድመ ምድላው ተዛዚሙ**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ምንቅስቃስ ቱሪዝም ትግራይ ንምዕዛዝ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ምልሳይን ምልማዕን እቲ ቱሪዝም ግደኦም ክፃወቱ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ፀዊዑ። ኣካል ፕሮጀክት መኣዲ ንወለዶ ዝኾነ ኅቦታት ገርዓልታ ንምጅማር ቅድመ ምድላው ይዛዘም ከምዘሎ ተገሊፁ።

ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ዳይሬክቶር ዳይሬክቶሬት ብቕዓት ምርግጋፅን ቁፅፅርን

ቱሪዝም ትግራይ ...ናብ ገፅ 6

‹‹ኸዚ ዘሎ ኣማራፂ ተኸባቢርካ ተደሚርካ ንቕድሚት ምስጓም 'ዩ››

*- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)*

ገፅ 4

‹‹ሚድያታት ኣብ መስሕባት ቱሪዝም ተረኺበን ኣብ ምምልሳይ ግደአን ክፃወታ ኣለወን››

*- ኣይተ የማነ ገድሉ*

ገፅ 5



ኣይተ ኣሕመድ ሽዴ

## ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውሽጣውን ደጋውን ፅዕንቶታት ብምፅዋር ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ከምተመዝገበ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውሽጣውን ደጋውን ፅዕንቶታት ብምፅዋር ኣብ ቐንዲ ቐንዲ ፍልፍላት ዕብየት ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ከምዘመዝገበ ሚኒስትር ገንዘብ ኣይተ ኣሕመድ ሽዴ ገሊፆም።

ማእኸላይ ኮሚቴ ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያትን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጀንዳታት ፓርቲን ዘትዩ ውሳነታት ብምሕላፍ ተዛዚሙ።

እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሓፈሻዊ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ሃገርና እንታይ መልክዕ ከምዝነበሮ ከምዝመኸረ ተገሊፁ።

ምስ ግዜኢ ፃንሒት ዝገበሩ ኣባል ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ እቲ ፓርትን ሚኒስትር ገንዘብን ኣይተ ኣሕመድ ሽዴ ከምዝበልዎ፤ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት መንግስቲ ብዝተኸተሎ መመሓየሺ ሃገር በቀል ኢኮኖሚ ዘበረታትዕ ዕብየት እናተመዝገበ ይርከብ።

በዚ ‘ውን ብተኸታታሊ እናተመዝገበ ዝርከብ ዕብየት ምስ ብዙሓት ሃገራት እንትነፃፀር ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ዘለዎ ምኳኑ ገሊፆም።

ንውልቃዊ ዘፈር ብንቕሓት ብዘሳትፍን ብዘበረታትዕን መልክዑ ዝተቐረፁ ፖሊሲታት ንውፅኢታውነቱ ቐንዲ ምኽንያታት ከምዝኾኑ ተዛሪቦም።

ፍልፍል ዕብየት ዝኾኑ ዓቕሚ መንግስቲ፣ ውልቀን ህዝብን ብምትሕብባር ዝተሰርሑ ስራሕቲ ውፅኢት ክርከብ ከምዝገበሩ ሓቢሮም።

ኣብ ኣፈፃፅማ ግብርና፣ ኢንዱስትሪ፣ ቱሪዝምን ሜጋ ፕሮጀክትን ውፅኢታዊ ስራሕ ከምዝተሰርሐ እቶም ሚኒስትር ኣመላኺቶም።

በዚ ‘ውን ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ውሽጣውን ደጋውን ፅዕንቶታት ብምፅዋር ኣብ ቐንዲ ቐንዲ ፍልፍላት ዕብየት ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ከምዝተመዝገበ ተዛሪቦም።

ምስ መዳርግቲ ልምዓት ዘሎ ምትሕብባር እናዓበየ ምምፅኡ ተዛሪቦም፤ እዚ ‘ውን ንኢኮኖሚያዊ ዕብየት ዝለዓለ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ገሊፆም።

ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ዘመዝገቦ ዕብየት ብዝሓሸ መልክዑ ንምቕፃል ናህሪ ዋጋ፣ ምኽባር መነባብሮ ከምኡ ‘ውን ፅዕንቶ ዕዳ ምቅላል ኣንፈት ጠመተ ቐፃሊ ኾይኖም ከምዝቕፅሉ ተዛሪቦም።

ከም ፀብፃብ ግዜኢ፤ ካብዚ ሓሊፉ ፍርያትን መፍረያይነትን ዘዕብዩ ስራሕቲ ማክሮ ኢኮኖሚ፣ ሪፎርምን ልምዓትን ጠመተ ከምዝወሃቦም ሓቢሮም።

ህዝቢ ንምልማዕ ዘለዎ ዝለዓለ ድልየትን ጥንኩር ተሳትፎን ተጠናኺሩ ንክቕፅል ብፍሉይ ጠመተ ከምዝስራሕ ‘ውን ገሊፆም።

# ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መጋቢት 6ነጥቢ 6ሚልየን ዜጋታት ህፁፅ ሰብኣዊ ሓገዝ የድልዮም

## • ነቲ ድጋፍ 9ነጥቢ 2ቢልየን ብር ከምዘድሊ ተገሊፁ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መጋቢት 2016ዓ.ም 6ነጥቢ6 ሚልየን ወገናት ህፁፅ እዋን ሓገዝ ከምዘድልዮም ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ፌደሪኢ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትር ዴኤታ ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ሰላማዊት ካሳ ኣብ ዝሃበኦ መግለፂ፤ መንግስቲ ምስ መደራግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ብድርቂ፣ ብጎንፅን ካልኦት ምኽንያትን ህፁፅ ሓገዝ ንዘድልዮም ዜጋታት ሓገዝ እናቕረበ ፀኒሑ 'ዩ።ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መጋቢት 2016ዓ.ም 6ነጥቢ 6ሚልየን ዜጋታት ህፁፅ ሓገዝ የድልዮም ።ነዚ መልሲ ንምሃብ 9ነጥቢ2 ቢልየን ብር የድሊ።

እቲ መልሲ ብመንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን ብሓባር ዝስራሕ ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላፅ፤ መንግስቲ ፌደራል ብኮምሽን ኣመራርሓ ስግኣን ሓደጋን ኢትዮጵያ ካብ ወርሒ ጥሪ 2016ዓ.ም ክሳብ ለካቲት ወርሒ 2016ዓ.ም ንዝህሉ መልሲ 500ሽሕ ኩንታል ስርናይ ብምምዳብ ንቕድሚት መልሲ ዝደልዩም ልዕሊ 3ነጥቢ3 ሚልየን ተበፃሒ ከምዝገብር ገሊፀን።ዝተረፈ ኣቕርቦት ብመዳርግቲ ኣካላት ከምዝሸፈን ተሓሲቡ እናተሰርሐ 'ዩ።

ህፁፅ ሓገዝ ንዘድልዮም ጠቕላላ ዜጋታት ውሽጢ 4ሚልየን ኣብ ክልላት ዓፋር፣ ትግራይን ኣምሓራን ከምኡ 'ውን ኦሮምያ፣ ደቡብ ኢትዮጵያን ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያን ዝርከቡ ብድርቅን ጎንፅን ሓደጋ ዝተጎድኡ ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅ ፤ 2ነጥቢ6 ሚልየን ዝኾኑ ዜጋታት ብዉሑጅ፣ ጎንፅን ድርቅን ሓደጋታት ጉድኣት ዝበፅሖም ክፍልታት ሕብረተሰብ ዘካተተ ከምዝኾነ ኣመልኪተን።

ብሓፈሻ ዘድልይ መጠን ምግቢ 1ሚልየን 118ሽሕ 700ኩንታል ከምዝኾነ፤ እዚ ድማ ናብ ብር እንትቕየር 9ነጥቢ2 ቢልየን ዝግመት ከምዝኾነ ኣፍሊጠን።

ካብ ወርሒ ሓምለ 2015ዓ.ም ክሳብ ወርሒ ታሕሳስ 2016ዓ.ም ኣብ ዘለዉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ካብ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን ብዝተረኸበ 15 ቢልየን ብር ሓገዝ ገንዘብ ንሰለስተ ተኸታሊ ዙር ህፁፅ ሰብኣዊ ሓገዝ ንዝደልዮም ዜጋታት ሓገዝ ከምዝተገበረ ገሊፀን።በዚ ድማ ሓደ ነጥቢ 7ሚልየን ኩንታል ዓይነት ምግብን ናይ ኽልተ ቢልየን ብር ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ከምዝቕረበ ኣፍሊጠን።

ካብ ዝተውሃበ ሓገዝ ምግቢ ውሽጢ 77ሚኢታዊ ብመንግስቲ፣ 23ሚኢታዊ ብመዳርግቲ ኣካላት ዝተሸፈነ 'ዩ ዝበላ እተን ሚኒስትር ዴኤታ፤ ካብ ዝተሰራጨወ 2ቢልየን ብር ውሽጢ 40 ሚኢታዊ መንግስቲ 60ሚኢታዊ ድማ ካብ ባንኪ ዓለም ብዝተረኸበ ሓገዝ ዝተሸፈነ 'ዩ።



ፎቶ፡- ገበቦ ገብሬ

ሰላማዊት ካሳ

# ነበር ተዋጋእቲ ናብ ስራሕ ንምእታው ግደ ማሕበረሰብ ንግዲ ወሳኒ 'ዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ነባር ተዋጋእቲ ናብ ስራሕ ንምእታው ሰላማዊ ምንቅስቃስ ኢኮኖሚ ንምዕባይ ግደ ማሕበረሰብ ንግዲ ወሳንነት ከምዘለዎ ተገሊፁ።ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት ንግዲ ኢትዮጵያ ምስ ኮምሽን ሃገራዊ ተሃድሶ ብምትሕብባር ምስ ማሕበረሰብ ንግዲ ዘተ ኣካይዱ።

ኣብቲ ዘተ ኮምሽነር ኮምሽን ተሃድሶ ኣምባሳደር ተሸመ ቶጋ ከምዝበልዎ፤ ነበር ተዋጋእቲ ናብ ስራሕ ንምእታው ምስ ማሕበረሰብ ንግዲ ዝተበፅሐ ስምምዕነት ስራሕቲ ምድላው ብፅቡቕ ኩነታት እናተፈፀመ 'ዩ።እዚ ድማ ሰላማዊ ምንቅስቃስ ኢኮኖሚ ንክፍጠር ዘኽእል 'ዩ።

ስራሕቲ ልምዓት ንምስራሕ ሰላም ክሰፍን ከምዝግባእ ዝገለፁ ኣምባሳደር ተሾመ ቶጋ፤ በፍላይ ነበር ተዋጋእቲ ከም ማሕበረሰብ ናብ ልምዓትን ስራሕን ንክኣትዉ፤ ከምኡ 'ውን ሰላማውን ውፅኢታውን ህይወት ንክነብሩ ዘኽእል ስራሕ ንምስራሕ ስትራቴጂ ከምዝተድሓዘ ኣመልኪቶም።

እዚ ስራሕ እንትስራሕ ብብርኪ ሃገር ሰፋሕቲ ዝኾኑ ቅድሚት ዝዋሃቦም ዜጋታት ኣለዉ፡፡ኣብ መሊስካ ምጥያሽን መሊስካ ምህናፅን ስራሕቲ ማሕበረሰብ ንግዲ ክሳተፉ ኣለዎም።ብፍላይ ብምኽንያት ኹናት ሃፍቲ ሰብ፣ ፋብሪካ ከምኡ 'ውን ምንቅስቃስ ንግዲ ብምጉድኡ ናብ ዝነበሮ ተሳትፎ ንምምላስ ማሕበረሰብ ንግዲ የድሊ።

ብምኳኑ 'ውን ዝተረጋገዐ ምንቅስቃስ ኢኮኖሚ ንምምፃእ ግደ ማሕበረሰብ ንግዲ ወሳንነት ከምዘለዎ ብምጥቃስ፤ ሰላም ንምፅናዕ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ውሽጢ ማሕበረሰብ ንግዲ ዓብይ ግደ ክፃወት ከምዝግባእ ኣመልኪቶም።

ማሕበረሰብ ንግዲ ዝተወደበ ብምኳኑ፤ ንሰላም ጠጠው ክብል ከምዘለዎ፤ ብኢንተርፕራይዛትን ፋብሪካታትን ንነባር ተዋጋእቲ ኣድለይ ዕድል ስልጠና ብምሃብ ኣስተዋፅኦ ንክገብሩ ኣብ ዝፍጠር ዕድል ስራሕ ንክጥቀሙን ምምችቻው ከምዝግባእ ኣፍሊጦም።

ፕሬዝዳንት ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት ንግዲ ኢትዮጵያ ወይዘሮ መሰንበት ሸንቁጤ ብወገነን፤ ማሕበረሰብ ንግዲ ምስ ተሃድሶ ኮምሽን ዝገበሮ ዘተ ምስ ካልኦት ትካላት 'ውን ከምዝቕፅል ተዛሪበን ።እቲ ቤት ምኽሪ ምስ ኮምሽን ሃገራዊ ተሃድሶ ሰነድ ስራሕ ከምዝተፈራረመ ገሊፀን።

ኣብቲ መድረኽ እቲ ስምምዕነት ኣብ መሬት ወሪዱ ተግባራዊ ንክኾን ካብ በጀትን ተሳትፎን ኣንፃር ሕድሕድ ናይ ባዕሉ ተሳትፎ እንድሕር ዘይገይሩ መንግስቲ ጥራሕ ክሰርሖ ከምዘይኽእል ነዚ ድማ ማሕበረሰብ ንግዲ ወሳኒ ከምዝኾነ ገሊፀን።



ኣምባሳደር ተሸመ ቶጋ



መስፍን ኣርኣያ(ፕ/ር)

## መራኽብቲ ሓፋሽ ኣብ ከይዲ ሃገራዊ ምኽክር ግንዛበ ኣብ ምፍጣር ብስፍሓት ንኽሰርሑ ተሓቲቶ

ኣዲስ ኣበባ(ኤፍ ቢ ሲ)፡-ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ጋህዲ ክኸውን ኣብ ምግባር ከይዲ መራኸብቲ ሓፋሽ ግንዛበ ኣብ ምፍጣር ብስፍሓት ንኽሰርሑ ተሓቲቱ፡፡

ዋና ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ መስፍን ኣርኣያ(ፕ/ር) ከምዝገለፁዎ፣ መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ንሕብረተሰብ ብዛዕባ ከይዲ እቲ ምኽክር ሓበሬታታት ተበፃሒ ክገብሩ ይግባእ።

ብዙሓት መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብቲ ምኽክር ክሳብ ሕዚ ዘለዉ ከይዲታትን ግንዛበ ኣብ ምፍጣርን እናሰርሑ ከምዝኾኑ ብምሕባር፣ ልዕሊ እዚ ክሰርሓ ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

ኢትዮጵያ ንዝገጠሙዋ ጠገማት ብምኽክር መፍትሒ ንምንዳይ እቲ ምኽክር ናይ ኩሎም መራኸብቲ ሓፋሽ ዛዕባ ክኸውን ይግባእ ክብሉ ንፋናብሮድካስቲንግ ኮርፖሬት ገሊፆም፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ንግቡእ ስራሕ ዝተውሃበ ኣፍልጦ

ኣብ 2010 ዓ.ም ዝመፀአ ሃገራዊ ለውጢ ስዒቡ ከም ሃገር ፖለቲካዊ፣ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊ ለውጥታትን ምዕባለታትን ተመዝጊቦም'ዮም። እዞም ለውጥታት ማሕበረሰብ ዓለም'ውን ኣፍልጦ ዝሃቦው ምኳኖም ርዱእ'ዩ። ቅድሚ ሐዚ ንቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ዝተውሃበ ሽልማት ኖቤል ሰላም ተጠቃሲ'ዩ። ሐዚ ድማ ኣካል ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ዝኾነ ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅ ብዝተሰርሐ ስራሕ ሽልማት ኣግሪኮላ ፋኦ ተሸላሚ ኮይኖም'ዮም። ንግቡእ ስራሕ ዝተውሃበ ኣፍልጦ ክብሃል ይከኣል።

ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዕላዊ ዝተገበረ ሃገር በቆል መመሓየሺ ኢኮኖሚ ኣብ ቁጠባዊ ምምሕያሽ ሕርሻ፣ ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ፣ ቱሪዝም፣ ማእድንን ኢንፎርሜሽን ኮሚዩኒኬሽን ቴክኖሎጂን መሰረት ዝገበረ እንትኾን እዚኦም መሰረት ብምግባር ውፅኢታዊ ስራሕ ተሰሪሑ ኣሎ። ኣብ ኢትዮጵያ ልምዓት ዓምዲ ኢኮኖሚ ዕብየት ምኳኖም ብተግባር ተራእዩ'ዩ።

መፍረያይነት ዓውዲ ሕርሻ ን120 ሚልዮን ኢትዮጵያ መተካእታ ዘይብሉ ምኳኑ ርዱእ 'ዩ። እቶም ካልኦት'ውን ንቁጠባዊ ዕብየትና ኣድለይቲ 'ዮም። ብምኳኑ'ውን መንግስቲ ትኹረት ገይሩ ብምስራሑ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ምምዝጋብ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ብዝተኻየዱ ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ፣ መጠን ተሓራሲ መሬት ብልዕሊ 50 ሚኢታዊ ዝወሰኸ እንትኾን ሐዚ'ውን ንክሕረስ ዝተዳለወ ሰፊሕ መሬት ኣሎ። ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ዘሎ ዓሚቚ ዓቕሚ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ዝተጀመረ ፃዕሪ ተጠናኺሩ ቐፂሉ ኣሎ። ብፍላይ ልዑል ዋጋ ዘምፅኡን ንኢንዱስትሪ እታዎት ዝኾኑን ተኽልታት ንምልማዕ ዝተጀመረ ስራሕን ፃዕሪ ተስፋ ዝህብ 'ዩ።

ድርቂ ዝፃወሩን ውሑድ ማይ ዝጥቀሙን ዝራእቲ ንምፍራይ ፣ኣብ መስኖ ሓጋይ ስርናይ ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ካብ ደገ ብምእታው ፅግዕተኛ ዝነበረ ከይዲ ምህርቲ ስርናይ ተቐይሩ ኣሎ።

ብሓፈሻ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት መንግስቲ ብዝተኸተሎ መመሓየሺ ሃገር በቆል ኢኮኖሚ ዘበረታትዕ ዕብየት እናተመዝገበ ይርከብ።በዚ 'ውን ብተኸታታሊ እናተመዝገበ ዝርከብ ዕብየት ምስ ብዙሓት ሃገራት እንትነፃፀር ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ዘለዎ ምኳኑ ኩሉ ክርድኦ ይግባእ።

ንውልቃዊ ዘፈር ብንቕሓት ብዘሳትፍን ብዘበረታትዕን መልክዑ ዝተቐረፁ ፖሊሲታት ንውፅኢታውነቱ ቐንዲ ምኽንያታት እንትኾን ፍልፍል ዕብየት ዝኾኑ ዓቕሚ መንግስቲ፣ ውልቀን ህዝብን ብምትሕብባር ዝተሰርሑ ስራሕቲ ውፅኢት ኮይኖም'ዮም።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ሉኣላዊነት ምግቢ ንምዕዋት ዝተገበረ ፃዕሪ ብትካል ምግቢን ሕርሻን ውድብ ሕቡራት መንግስታት(ፋኦ) ኣፍልጦ ተዋሂብዎ ኣሎ። በዚ'ውን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ኣብ ሮም ጣልያን ዝተሰናደአ ክብረ በዓል ዝኸበረ ሜዳልያ ኣግሪኮላ ፋኦ ተሸሊሞም 'ዮም። እዚ ሽልማት ንግቡእ ስራሕ ዝተውሃበ ኣፍልጦ ስለዝኾነ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣጠናኺሪካ ምቕፃል ይግባእ።

እቲ ሽልማት ቀዳማይ ሚኒስትር ዐቢይ (ዶ/ር) ኣብ ውሕስና ምግቢን ቀረብ ዝተመጣጠነ ምግቢን ንዘርኣይዎ ርእይ፣ ኣመራርሓን ቐራፅነትን፣ ኢሉ 'ውን ቅልጡፍ፣ ተለዋዋጢን ፈታኒን ኣብ ዝኾነ ከባቢያዊ ኩነታ ብፍርያት ስርናይ ርእሰኻ ንምኽኣል ብዝተኸተሉዎ ፈጠራዊ መፍትሒ ኣፍልጦ ንምሃብ ዝተበርከተ 'ዩ።ስለዚ ንግቡእ ስራሕ ዝተውሃበ ግቡእ ኣፍልጦ'ዩ።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር'ውን “ሉኣላዊነት ምግቢ ንምዕዋት ንገብሮ ጉዕዞ ክንቅፅል ኢና” ክብሉ ምግላፆም ንዝለዓለ ስራሕ መበገሲ ምኳኑ የረጋግፅ። ስለዚ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣዚዮም ብዙሓት ምምሕያሻት እናገበረት እንትኾን ብፍላይ ድማ መመሓየሺ ሃገር በቆል ኢኮኖሚ ውፅኢት እናመፅአ ከምዝኾነ እቲ ኣፍልጦ መረጋገፂ'ዩ።

ስለዚ እዚ ንግቡእ ስራሕ ዝተውሃበ ግቡእ ኣፍልጦ ብምሓዝ ኣብ መርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራን ትሩፋት ሌማትን ከምኡ 'ውን ምስ ልምዓት መስኖ ሓጋይ ስርናይ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ብምጥንኻር ብምግቢ ዓርስኻ ንምኽኣል ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ምጥንኻር ይግባእ።

ትካል ምግቢን ሕርሻን ውድብ ሕቡራት መንግስታት(ፋኦ) ንቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ዝሃቦም ዝኸበረ ሽልማት ሜዳልያ ኣግሪኮላ ፋኦ ንዘርኣዩዎ ኣመራርሓን ቆራፅነትን ከምኡ'ውን ብዝተረኸበ ውፂኢት ስለዝኾነ፤ከም ሃገር ንግቡእ ስራሕ ዝተውሃበ ግቡእ ኣፍልጦ ምኳኑ ብምርዳእ ኩሉ ህዝብ ኣብ ዕብየት ሃገር እጃሙ ክዋፃእ ይግባእ።


**ወጋሕታ**

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም ኣይኮኑን።

## ዘመናት ዘቑፀረ ዲፕሎማሲ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ኣሽሓት ዓመታት ዘቑፀረን ንግስተ ሳባ ናብ እስራኤል ዝገበረቶ መገሻ መሰረት ዝገበረን'ዩ። ካብዚ ግዜ ጀምሮ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ብዙሓት ላዕልን ታሕትን ሓሊፉ ኣሎ። ካብ ንግስተ ሳባ ጀሚሩ ክሳብ ሃፀይ ቴድሮስ ዝነበረ ዲፕሎማሲ ኣብ ንግድን ሃይማኖትን ዘድሀበ እንትኾን ኣብ እዋን ሃፀይ ቴድሮስ ድማ ዘመናዊ ዲፕሎማሲ ከምዝጀመረ ድርሳናት ታሪክ ይሕብሩ።

ካብ ሃፀይ ቴድሮስ ክሳብ ሃፀይ ምኒልክ ኣብ ዝነበሩ እዋናት ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ኣብ ግዝኣታዊ ሓድነትን ስልጣነን ዘተኮረን እንትኾን ምስ ሃገራት ኣውሮፓ ርክብ ዝነበሮን ነኹናት ኣድዋ መበገሲ ዝኾነ ስምምዕነትን ውዕልን ዘተኣናገደ'ዩ።

ኢትዮጵያዊያን ኣብ ኹናት ዓድዋ ዘመዝገብዎ ዓወት ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ትካላዊ ቅርፂ ክሕዝን ሃገራት ኣውሮፓ ኣብ ኢትዮጵያ ኤምባሲታት ክኸፍታ ዝገበረ ዓብይ ፍፃመ ኮይኑ ኣሎ። በዚውን ዘመናዊን ትካላዊን ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ቅድሚ 116 ዓም ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ብምጥያሽን ሚኒስትር ጉዳይ ወፃኢ ብምስያምን ኣብ መድረኽ ዓለም ስራሕቱ ጀሚሩ።

ንዚ ነዊሕ ዕድመ ዘቑፀረ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ዘርእይ ዓውደ ርእይ ኣብ መጀመሪያ ወርሒ ጥሪ ኣብ ሳይንስ ሙዚየም ተኸፊሉ ኣሎ። እቲ ምርኢት ኢትዮጵያ ብብርኪ ዓለም ለኸ ዘበርከተቶ ዓብዪ ግደን ኣስተዋፅኦን ዓለም ክትፈልጦ ንምግባር ዘኽእል 'ዩ። ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ዓብዪ ታሪኽን ግደን ኣለዋ። ይኹን 'ምበር ብዛዕባ እዚ ዓብዪ ዲፕሎማሲያዊ ዓወት ክሳብ ሐዚ ኀልሁን ንኹሉ ብዝርድኦን መገዲ ቀሪቡ ኣይፈልጥን። ሃገርና ምስ ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ዘለዋ ርክብ ብምስፋሕን ፅቡቓት ዕድላት ንምጥቃምን ኸምኡ 'ውን ኣብ መዳይ ሰላም ምስፋን ልውውጥ ንግዲ ምግባርን ዘበርከተቶ ታሪኽ ዓብዩን ነዊሕን 'ዩ።

ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ዘሎ ዓውደ ርእይ ዕላማ ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካውያንን ካልኦት ዓለም ለኻዊ ትካላትን ውሽጢ ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ዝነበራ ግደ ዝገጠማ ፈተናን መሰረት ታሪኽን ከምዘሎ ንምርኣይ 'ዩ። ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ብቡዙሕ ኣንፈት ዓለም ለኻዊ መድረኻት ግንባር ቐደም ምኳና ንምርኣይ ከምኡ ድማ ድሕሪ እቲ ለውጢ ዘለዉ ትሩፋታት ዲፕሎማሲ፣ ፅንዓት ህዝቢ፣ ጥበብ መራሕቲ፣ ድጋፍን መዳርግትነትን ፈተውቲ ኢትዮጵያን ብኸመይ ሓሊፉ ዝብል ዘርእይ ዓውደ ርእይ 'ዩ ።

ኣወንታውን ኣሉታውን ውፅኢት ዲፕሎማሲ ከምኡ ድማ መፃኢ እዋን ብዝግባእ ንምርኣይን ንምርዳእን 'ውን ዓሊሙ ዝተዳለወ ዓውደ ርእይ ብምኳኑ ናይ ብዙሓት ቀልቢ ስሒቡ ዑደት እናተገበረሉ ይርከብ። ንዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ዝምልከቱ ፎቶታትን ኻልኦት መረዳእታታትን ዝሓዘ እዚ ዓውደ ርእይ ዲፕሎማሲ ንዝሓለፉ ብዙሓት ዓመታት ክንደይ ዝኣክል ዝጠንከረ ከምዝነበረ ዘረጋገፀ ምርኢት 'ዩ።

‹‹ዲፕሎማሲና ንብሄራዊ ረብሓና›› ብዝብል ቴማ ዝተዳለወ ዓውደ ርእይ ብዜጋታት ውሽጢ ሃገርን ወፃኢን ተጎብንዩ 'ዩ። ኢትዮጵያ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ ዝሰርሐቶ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ዝድነቕን ንኻልኦት ሃገራት ተመኩሮ ዝኸውንን 'ዩ ፤ ኣብ ዓውደ ርእይ ሰሙን ዲፕሎማሲ ዑደት ዝገበሩ ዜጋታት ሃገራት ወፃኢ 'ውን እዚ ሓቂ ገሊፆም 'ዮም።

እቲ ዓውደ ርእይ ኢትዮጵያ ብዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ዝፈፀምቶምን ምስ ካልኦት ሃገራት ዘለዋ ርክብን ብሰፊሑ ዘረድእ 'ዩ። ኢትዮጵያ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ ብዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ዝፈፀመቶ ተግባር ከምዘሎ ኾይኑ ወድብ ሓድነት ኣፍሪካ/ ሕብረት ኣፍሪካ ኣብ ምምስራትን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ምምስራትን ግቡኣ ዝተፃወተት ሃገር ምኳና ብግለፂ ኣብቲ ዓውደ ርእይ ምዕዛብ ይከኣል።

ኢትዮጵያ ብሓባር ምልማዕን ብሓባር ምዕባይን መትከል ገይራ ብሕብረት ኣፍሪካን ብኽልቲኣዊ ርክብን እናሰርሐቶ ትርከብ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ኸዚ 'ውን እናቐፀለትሉ ትርከብ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኢትዮጵያ ኣማራፂ በሪ ባሕሪ ንምርካብ እናገበረቶ ዘላ ምንቅስቓስ ናይ ሓባር ተረባሕነት ንምዕባይ ካብ ዘለዋ ድልየት ኣንፃር ከምዝኾነ እዚ ድማ ጥንካር ዲፕሎማሲኣ ዘለዎ ብርኪ ዘመላኽት 'ዩ። ዝኾነ ሓበራዊ ረብሓ እንተድልይ ድልየት መንግስቲ ብጉልበት እንተይኾነስ ብሰላማዊ መገዲ ብሂብካ ምቕባል መትከል ዝተመስረተ ምኳኑ ኣብ ቀረባ ዝተገበረ ስምምዕነት መርኣያ 'ዩ። ድልየት ኢትዮጵያ ንባዕላ ዋስትናን ንሓባር ጥቕምን ተደሓሒዝና ንዕበይ ዝብል ኣወንታዊ ምልከታ እተንፀባርቕን እትኽተልን ሃገር ከምዝኾነት ነባር ዲፕሎማሲኣ እናገለፀ ፤ ኸዚ ድማ ተጠናኺሩ እናቐፀለ ከምዘሎን እናተዓዘብና ንርከብ።

በዚ 'ውን ብዙሓት ዓወታት ዲፕሎማሲ ተመዝጊቦም 'ዮም። ብዘተሰርሐ ዲፕሎማሲ ስራሕ ብዙሓት ሃገራት ገፆም ናብ ኢትዮጵያ ከዙሩ ክኢሎም 'ዮም። ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዞባዊ ሃገራት ብምቅርራብ ብኢኮኖሚ መሰረተ ልምዓት ምትእስሳር ምኽኣላ፤ ኣብ ሂብካ ምቕባል ዝተመስረተ ርክብ ትኹረት ምግባራ፤ ኣፍሪካዊ ፀገማት ብኣፍሪካ ፍታሕ ዝብል መትከል ኢትዮጵያ ተግባራዊ ዝገበረቶ ብቡዙሓት ተቐባልነት ዝረኸበ ከምዝኾነን ኣብ ቀፃሊ ኣብ ኩነታት ዘደረኽን ብሄራዊ ረብሓን ዘኽብርን ዲፕሎማሲ ኣጠናኺራ ከምትቕፅል ዝጀመረቶ መገዲ ተስፋ ዝህብ 'ዩ።

ኢትዮጵያ ምንቅስቓስ ሓርነት ኣፍሪካ(ፓን ኣፍሪካኒዝም) ዲፕሎማሲ ብፖለቲካን ብዝተፈላለዩ ዘፈር ደጊፉ 'ያ። ሕብረት ኣፍሪካን ትካል ሕቡራት መንግስታትን ንክምስረት ዓብይ ግደ ኣበርኪታ 'ያ። እዚ ድማ ዓብይ ዓወት ዲፕሎማሲ ኾይኑ ተመዝጊቡ 'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ ዘመናት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ሎሚ ኽሳድና ቅንዕ ኣቢልና ንክንኸይድ ዘኽኣሉና 'ዮም። ኢትዮጵያ ብዓለም ምዕቃብ ሰላም ካብ ኮሪያ ክሳብ ሶማሊያ በዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰራዊታ ብምውፋር ንዓለም ሰላም ሰሪሓ ኣላ። በዚህ ድማ ኣብ ሰላም ዲፕሎማሲ ዓብይ ዓወት ኣመዚጊባ እያ።

በቢክፍለዘመኑ ዝነበሩ መራሕቲ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ እንተነበሮም 'ውን ብሕብረት ኣፍሪካን ብዓለም ለኸ ትካላት ዝሰርሕዎ ስራሕ ዲፕሎማሲ ኢትዮጵያ ብግልፂ ዘርኣየ 'ዩ ነይሩ። በቢ ዘመኑ ዝነበሩ መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዝያት ዘጋጠሙ ኹናትን መድረኻትን በጥበብን ብዲፕሎማሲን ብምሕላፍ ቀፃልነት ሃገር ኣረጋጊፆም'ዮም።

መፃኢ ዘመን ዲፕሎማሲ መንግስቲ ዓብይ ግደ ዋላ እንትሃለዎ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ናቱ ግደ ክፃወት ኣለዎ። ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካን ከምኡ 'ውን ካልኦት ሃገራት ሓበራዊ ዝኾነ ረብሓ ምዕባይን ጥንኩር ርክብ ምምስራት ይካኣል 'ዩ። ስለዚ ሃገራት ኾኑ ህዝብታት ወታደራዊ ጎንፅታትን ኣዕናዊ ኹናትን ከም ሃገር ኣማራፂ ወይ ድማ ኣንፈት ዘይምኳኑ ብጥልቀት ምግንዛብ ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ። ምኽንያቱም ፀገማት ብሰላማዊ መገዲ ዲፕሎማስያዊ ብዝኾነ ኣካይዳ እንድሕር ዘይተኸይዱ ንሃገር ዓብይ ዋጋ ከኽፍል ዝኽእል 'ዩ። እዚ ንከይፍጠር ግና ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣብዚ እዋን እናተጠቐመትሉ ዘሎ ኣካይዳ ሰላማውን ሓበራዊ ረብሓ ዘተኮረ ስለዝኾነ እዚ ድማ ህዝቢ 'ውን ዝድግፎ ኣካይዳ ስለዝኾነ እቲ ዝተረኸበ ጥንኩር ዲፕሎማሲ ንክቕፅል ኩሉ ህዝቢ ኣምባሳደር ሃገሩ ኮይኑ ክሰርሕ ይግባእ።

# እዋናዊ ዛዕባ

# ‹‹ኽዚ ዘሎ ኣማራፂ ተኽባቢርካ ተደሚርካ ንቕድሚት ምስጓም 'ዩ››

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

**መሰረት ገብረዮሃንስ**




ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣኼባ ዘካየደ ማእኸላይ ኮሚቴ ፓርቲ ብልፅግና ንኣይተ ደመቀ መኮንን ካብ ሓላፍነቶም ብኽብሪ ሰንዩ ንኣይተ ተመስገን ጥሩነህ ምክትል ፕሬዝዳንት ገይሩ መሪፁ 'ዩ። ማእኸላይ ኮሚቴ ብልፅግና መትከል ምትኽኻእ ኣመራርሓን ስርዓት ኣሰራርሓን እቲ ፓርቲ ብምኽታል ኣብ ዘሳለጦ መዛዘሚ ኣኼባ፤ ብምሉእ ድምፂ ንኣይተ ደመቀ መኮንን ብኽብሪ ሰንዩ 'ዩ።

እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣብ ወሰንቲ ሃገራዊ ጉዳያት ዘተ ኣካይዱ 'ዩ። ሃገራዊ፣ ዞባውን ዓለምለኻውን ኩነታት ብኣግባቡ ገምጊሙ ኣንፈታት ቐፃሊ ብምቕማጥ ከምዝዛዘመ ይዝከር። ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ ከምኡ 'ውን ፖለቲካዊ ትርጉም ዘለዎም ትሕዝቶታት ኣብቲ መርሃ ግብሪ ብኣግባቡ ዝተመኸረሎም እንትኾን፤ ከም ሃገር ንብሄራዊ ተረኽ ንዝተጀመረ ጉዕዞ ከጠናኽሩ ዝኽእሉ እታዎታት ከምዝተረኸበሉ ተገሊፁ ኣሎ።

እቲ ኣኼባ ንተኸታተልቲ መዓልትታት ብምቕፃል ገለፃታትን ጉጅላዊ ዘተታትን ኣካል እቲ መርሃ ገብሪ ነይሮም። ፕረዝደንት ፓርቲ ብልፅግናን ቀዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢ ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብቲ መድረኽ ኣብ ብዙሓት ጉዳያት መብሪሂ ሂቦም'ዮም። ካብ ዘልዓልዎም ብዙሓት ሓሳብት እቶም ቀንዲ ክንርኢ ከለና ፡-

**ኢኮኖሚ**

ናይ ኢትዮጵያ ኢኮኖሚ ስብራት እቲ ሓደ ምዝባዕ ማክሮ ኢኮኖሚ፣ ጉድለት ፍትሓዊ ተጠቃሚነትን ፀገም መፈራይነት 'ዮም። ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ ማለት ናይ ንግዲ ሚዛን ምዝባዕ 'ዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ዘውፅኦን ዘእትዎን ዘሎ ፍልልይ 'ዩ። ንኣብነት ብወፃኢ ሸርፊ እንረኽቦ ኣታዊ ድልየትና ንምምላስ ገና ሰፊሕ ፃዕሪ ዝደሊ 'ዩ። ካልኣይ ጉድለት በጀት 'ዩ። ሳልሳይ ድማ ልቃሕ 'ዩ። ፅዕንቶ ዕዳ 'ውን ኣለና ።

ዝተኣከበ ናይ ዕዳ ስብራት ንወለዶ ምምሕልላፍ የብለልናን ዝብል መትከል ብምኽታል ዝነበረና ዕዳ እናኸፈልና ተወሳኺ ከይተለቃሕና ኢና እዚ ኹሉ ተኣምር ዝሰራሕና። ትሻዓንተ ነጥቢ ትሻዓንተ ቢልየን ዶላር ንዕዳ ተዘይንኸፍል ነይርና ክንደይ ዝኣክል ፕሮጀክት ክንሰርሐሉ ከምዝነበርና ምሕሳብ ቀሊል 'ዩ።

ዕዳ እንትጠራቀም ዋና ዋና እንብሎም ሃፍትና ክወስደና ስለዝኽእል እዚ ንከይምፅእ ዝተረፈ ተሪፉ ዕዳ ክንኸፍል ኣለና። ዕዳ እንትኽፈል በዚ ልክዕ ልቃሕ እንትቋረፅ ዝጎድለና ነገር ኣሎ። ኽልተ ነገር ምፉታይ ኣይካኣልን። በዚ ልክዕ ዝተርፍ ነገር ክተርፍ 'ዩ ትፅቢት ኣይግበርን።

ኽዚ ፀገም ዝኾነ ናይ ንግዲ ሚዛን ጉድለት እኹል ሰደድ ወፃኢ (ኤክስፖርት) ምግባር ከይኻኣልና ድልየት ካብ ወፃኢ እነእትዎ(ኢንፖርት) እናዓበየ ስለዝኾነ 'ዩ፤ እዚ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክስተኻኸል ኣይኽእልን። መፍረይነትን ስርዓት ዕዳጋን ግና ግዜ ዝደሊ 'ዩ። ስብራት ማክሮ ኢኮኖሚ እንድሕር ዘይፀጊንኹምኒ ዕብየት ከምፅእ ኣይኽእልን እናበለ 'ዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ንህረት ዋጋ ንዝሓለፉ ዒስራ ዓመታት እናገደደ ዝኸድ ዘሎ ነገር 'ዩ። ዕድል ስራሕ ዝፀንሐ ስራሕ ስእነት ኣሎ ኽዚ 'ውን ካልእ ሓድሽ ስራሕ ደላይ ብዝሓት ኣሎ። ፀገም ኽፍፍል ሃፍቲ ኣሎ። ዉሑዳት ብጣዕሚ ሃፉትም 'ዮም ብዙሓት ድማ ኣብ ፀገም ይርከቡ። እዚ ንምስትኽኻል ኣብ ድኻ ማሕበረሰብ ዘተኮረ ስራሕ ክንሰርሕ ይግባእ። እዚ ገና ኣብ ጅማሮ ኢና ዘለና።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንተሪእና ብጣዕሚ ፀገም ዘለዎም ቤተሰባት ኣለዉ፣ በዚ መንፃር ድማ ምግቢ ዝድፈኣሉ ቦታ 'ውን ኣሎ፤ እዚኦም ምርኻብ ማለት 'ዩ፤ ዝደፍእ ዘሎ ንከይድፋ ምግባር። እቲ ዘለዎ ማሕበረሰብ ንዘይብሉ ምክፋል።

ሳልሳይ ፀገም መፍረያይነት 'ዩ ፤ዝተሓበአ ዓቕሚ ብኣግባቡ ዘይምጥቃም 'ዩ። ኢኮኖሚያዊ ዕብየትና ኣብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት 7 ነጥቢ 2 ሚኢታዊ ከምዝነበረ ተራእዩ፣ እቲ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ልዕሊ እዚ ንከይኸይድ እቲ ሓደ ዕንቅፋት ብፀበብ ጉጅላዊ ድልየት ዝተፈጠሩ ምትእስሳራት ዘስዕብዎም ከባብያዊ ጎንፅታት 'ዱም፣ ዘፈር ግብርና፣ ኢንዱስትሪን ግልጋሎትን ብቕደም ሰዓብ ነቲ ዕብየት ኣበርክቶ ገይሮም 'ዮም።

ኢኮኖሚያዊ ዕብየት በጀት ዓመት 2016 ዓ.ም 7 ነጥቢ 9 ሚኢታዊ ከምዝኸውን ተተንቢዩ፣ ሃገርና ዝለዓለ ለውጢ ዘምፅአትሎም ፍርያት ስርናይ ሓጋይን ሓምለዋይ ዓሻራን ኣብዚ በጀት ዓመት ንዝህልዎም ቐፃልነት ግቡእ ኣንፈት ተቐሚጡ 'ዩ። ስራሕቲ ፈጠራ ዕድል ስራሕ ብምጥንኻርን ናህሪ ዋጋ ብምቅላል መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዝተገምገሙ እንትኸውን፤ ኣብ ቐፃሊ ክውሰዱ ኣብ ዘለዎም ተግባራት ውሳነታት ተመሓላሊፎም 'ዮም።

ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውሽጣውን ደጋውን ፅዕንቶታት ተፃዊርና ጥንኩር ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ክምዝገብ ተኻኢሉ 'ዩ። ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት መንግስቲ ብዝተኸተሎ መመሓየሺ ሃገር በቆል ኢኮኖሚ ዘበረታትዕ ዕብየት እናተመዝገበ ይርከብ። በዚ 'ውን ብተኸታታሊ እናተመዝገበ ዝርከብ ዕብየት ምስ ብዙሓት ሃገራት እንትነፃፀር ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ዘለዎ 'ዩ። ፍልፍል ዕብየት ዝኾኑ ዓቕሚ መንግስቲ፣ ውልቀን ህዝብን ብምትሕብባር ዝተሰርሑ ስራሕቲ ውፅኢት ተረኺቡ 'ዩ። በዚ 'ውን ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ውሽጣውን ደጋውን ፅዕንቶታት ብምፅዋር ኣብ ቐንዲ ቐንዲ ፍልፍላት ዕብየት ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ተመዝጊቡ 'ዩ። ምስ መዳርግቲ ልምዓት ዘሎ ምትሕብባር እናዓበየ ምምፅኡ ፤ እዚ 'ውን ንኢኮኖሚያዊ ዕብየት ዝለዓለ ኣበርክቶ እናበርከተ ይርከብ።

ብሓፈሻ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ዘመዝገቦ ዕብየት ብዝሓሸ መልክዑ ንምቕፃል ናህሪ ዋጋ፣ ምኽባር መነባብሮ ከምኡ 'ውን ፅዕንቶ ዕዳ ምቅላል ኣንፈት ጠመተ ቐፃሊ ኾይኖም ክቕፅሉ'ዮም ። ካብዚ ሓሊፉ ፍርያትን መፍረያይነትን ዘዕብዩ ስራሕቲ ማክሮ ኢኮኖሚ፣ ሪፎርምን ልምዓትን ጠመተ ከምዝወሃቦምን ህዝቢ ንምልማዕ ዘለዎ ዝለዓለ ድልየትን ጥንኩር ተሳትፎን ተጠናኺሩ ንክቕፅል ብፍሉይ ጠመተ ከምዝስራሕ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ገሊፆም'ዮም።

**ምድማር**

ብዛዕባ ረብሓ ምድማር ካብ ዝሃብዎ ሰፊሕ መብርሂ ድማ ሕቶ ህዝቢ ጠጠው ክብል ኣይኽእልን። ስብራትና ሰፋሕትን ዝፀንሑን 'ዮም። ናይ ለውጢ ኣንፈት ብምቕያርና ጥራሕ ብቀሊሉ መልሲ ኣይመፅእን። ብምድማርን ብምድግጋፍን ትኹረት ብምግባር ካብ ቅንእን ተንኮልን እንድሕር ዘይርሒቕና ዝደለናዮ ብልፅግና ዕብየትን ክምፅእ ኣይንኽእልን። ኹሉ ንብልፅግና ክፅዕር ዘለዎ ንባዕሉ ጥራሕ እንተይኾነስ ንደቁ'ውን 'ዩ። ውፅኢት ምድማር ዝተኣሳሰረ 'ዩ። ካብ ትማሊ ሰናይ ተግባራት መሪፅኻ ምውሳድ የድሊ። ካብ ትማሊ ሰናይ ነገር ብምውሳድ ሎሚ ብምስራሕ ንፅባሕ ሰናይ ነገር ምስጋር ትፅቢት ይግበር። እዚ ብኸመይ ኢና ክንፈጥሮ እንኽእል እንተይልና ምድማር ዝሰርሕ ብድልየትን ሚዛንን 'ዩ። ምድማር ኣብ ድልየት ዝተመስረተ 'ዩ። ኣድላይነት ምድማር ፀገማት ወዲሰብ ውስብስብን 'ዩ እዚ ድማ ንሕና ብዘለና ውስን ዓቕሚ ክንፈትሖ ኣይንኽእልን። ምትእኽኻብ የድሊ 'ዩ።

ብጉልበትን ገንዘብን ጥምረት ብዙሕ ስራሕቲ ክስርሑ ይኽእሉ 'ዮም። ብኹሉ መዳይ ዘዋፅእ እዚ 'ዩ። ብነፀላ ኾይና እዚ ውስብስብ ፀገም ክንሳገር ኣይንኽእልን፤ ብምድማር ግና ውስብስብ ዝኾነ ፀገም ይፍታሕ 'ዩ።

ኣብ ኹናት ዓድዋ ብሓባር ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ተዘይወፍሩ ነይሮም ዓወት ኣይመፅእን። ብሓባር ጠጠው ስለዝበሉ 'ዮም ዝተዓወቱ። ኣብ ምድማር ምልዕዓል የድሊ፣ ሚዛናዊነት ክኾን ይግባእ ፣ንሓባር ሽቶ ዝሰርሕ ክኾን ይግባእ ፤ ብዘይ ምድማር ኢትዮጵያ ምንቅስቃስ ኣይንኽእልን፤ ንሱ ዘመን ተዛዚሙ 'ዩ፤ ኽዚ ዘሎ ኣማራፂ ተኽባቢርካ ተደሚርካ ንቕድሚት ምስጓም 'ዩ።

በዚ መንገዲ ተጉዒዝና መባፂሕና ኣበይ እንተይልና ናብ ኹለንተናዊ ጎዳና ብልፅግና 'ዩ። ዝተቐየረ ሰብን ሃገርን ናብ እንሪኣሉ። ምቕያር ማለት ብምግብን ገዛን ኽዳንን ጥራሕ እንተይኾነስ ብምክብብርን ሓበራውነትን ዘከተተ 'ዩ ዝኸውን። ወለዶ ምቕራፅን ድልየት ምምላእ ክንኽእል ከለና 'ዩ። ንፅባሕ ሎሚ ሰናይ ፍረ ዘሪእና ኢና ክንኸይድ ዘለና። ምርድዳእ ፤ ብሄራዊ ምርድዳእ ፣ ዲሞክራሲ ምትሕብባር ፣ ብቁዓትን ብሉፃትን ትካላት ገስጋሳይ ኢኮኖሚ ዕዳጋ ፣ ምትሕብባርን መዳርግትን ዘቐደመ ርክብ ወፃኢ ኣብዚኦም ጉዳያት ስምምዕነት ኣድላይ 'ዩ። ››

**ጉዳይ ሶማሊላንድ**

መጀመርያ በሪ ባሕሪ የድልየና 'ዩ እንክብል ከለና ኹናት ክጅምሩ 'ዮም ዝብል ሰፊሕ ሓበሬታ ነይሩ። ሶማልያ ካብ ማንም ንላዕሊ ናይ ኢትዮጵያ ዘመድ 'ያ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ኢትዮጵያውያን ኣብ ሰላም ምኽባር ሶማልያ ዋጋ ኸፊሎም 'ዮም። ኢትዮጵያ ምስ ህዝብን መንግስትን ሶማልያ ናይ ምውጋእ ፍፁም ድልየት የብላን። ኣብ ሓድነት ሶማልያ እዚ መንግስቲ ዝሕመይ ኣይኮነን ፤ንመጀመርያ እዋን ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያን ሶማልያውያን ሓደ ንክኾኑ ብዘረባ እንተይኾነስ ብተግባር ዘርኣየ መንግስቲ 'ዩ። ናታቶም ሰላም ናትና ሰላም 'ውን ስለዝኾነ። እዚ ካብ መጀመሪኡ ብልሓትን ጥበብን ዘድልዮ 'ዩ ፣ድልየት ኹናት ስለዘይብልና። ዉግእ ናብሪና ክኸውን ኣይንደልን፤ ዘተ ኢና ነቕድም። ስለዚ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማልያን ፀገም ክፍጠር 'ዩ ኢሉ እንዘይሓሰብኩ 'ውን ኣብ መንጎ ህዝብታ ፅልኢትን ቅሬታን ንከይፍጠር ዝተረጋገፀን ዝሰኸነን መገዲ ምምራሕ የድሊ። ›› ክብሉ ኣብሪሆም 'ዮም።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ሚድያታት ኣብ መሰሕባት ቱሪዝም ተረኺቦን ኣብ ምምልሳይ ግደአን ክፃወታ ኣለወን››

- ኣይተ የማነ ገድሉ

ኣብርሃ ሓጎስ

ቱሪዝም ትግራይ ታሪኽን ባህልን ጥራሕ ዝጉብነየሉ ዘይኮነስ ብኣቀማምጣ ገፀ ምድሪ ክንርኢ ከለና 'ውን ትግራይ ኣብ ሞንጎ ካብቲ ዝለዓለ ጎቦታት ሰሜንን ካብቲ ዝተሓተ ከባቢታት ዳሉልን ዝትርከብ ምኳና፣ ብመንፅር ኣቀማጣ ገፀ መሬታ ንምስሕብ ቱሪዝም ሰሓቢ ዝኾነ ቦታ 'ዩ። ስለዚ ትግራይ ብታሪኽ፣ ባህልን ተፈጥሮን ውቅብትን ሰሓቢትን ዝኾነት መስሕብ ብዙሕ ቱሪዝም 'ያ። ይኹን 'ምበር ተፈጢሩ ብዝነበረ ኹናት ምኽንያት ቱሪስታት ዘይበፅሕሉ ናይ ስግኣት ቀጠና ኮይኑ 'ዩ ፀኒሑ። እዚ ኮይኑ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ብዝፈጠሮ ዕድል ካብዚ ናይ ስግኣት ቀጠና ወፃኢ ንምግባር እናተሰርሐ ፀኒሑ 'ዩ።

ሚኒስቴር ቱሪዝምን ምስ ዝተፈላለዩ ናብ ትግራይ ዝመፅኡ ኣምባሳደራትን ብምዝርራብ ትግራይ ሰላም ምስፍኑን ቱሪስታት ክመፅኡ ከምዝኽእሉን ምንቅስቃሳት ቱሪዝም ንክጅመር ካልኣይ ዕላዊ ምኽፋት ፕሮግራም ቱሪዝም ብምግባር፣ ዝተፈላለዩ ሃገር ለኸን ዓለም ለኸ ቱሪስታት ቱር ጋይዳትን ሚድያታት ኣብ ዝተረኸብሉ ንክኽፈት ተገይሩ ኣሎ። ኣብዚ ዝተሳተፉ ኣጋይሽ ብዝረኣይዎ ፅቡቅ ነገር ንኻልኦት ከምዘፋልጡ ቃል ኣትዮም ከይዶም'ዮም። ብድሕሪኡ 'ውን ካብቶም ቃል ኣትዮም ዝኸዱ ቱር ኦፕሬተራት ቃል ብዝኣትውዎ መሰረት ኣጋይሽ ሒዞም ብምምፃእ ብተግባር ዘርእዩ ዘለውሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ።

እዚ ዝገለፁ ናይ ሎሚ ጋሻና ዝኾኑ ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሮክቶሬት ብቅዓት ምርግጋፅን ቁፅፅርን ዝኾኑ ኣይተ የማነ ገድሉ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝገበርዎ ቃለመሕትት'ዩ። ኣብ ቱሪዝም ትግራይ ዘሎ ዕድላት፣ ፈተናታትን ተስፋታት ካልኦት ተመሳሳሊ ዛዕባታትን ዝገበርናዮ ቃለ መሕትት ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ:-

**ወጋሕታ:- በፃሕቲ ዓዲ ክስሕቡ ዝኽእሉ ዋና ዋና መስሕብ ቱሪዝም ትግራይ እንታይ እንታይ 'ዮም?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** ትግራይ ምጉብናይ ማለት ካብ ስልጣነ የሓ፣ መንበይቲ ማይ ዓድራሻን ከምኡ 'ውን ስልጣነ ኣክሱምን ብሓፈሻ ናይ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዝነበረ ስልጣነ ብኣካል ምጉብናይ ማለት 'ዩ። እዚ ክብል ከለኹ ነዚ ታሪኽ ጥራሕ ምርኣይ ዘይኮነስ ብኣቀማምጣ ገፀ ምድሪ ክንርኢ ከለና ድማ ትግራይ ኣብ ሞንጎ ካብቲ ዝለዓለ ጎቦታት ሰሜንን ካብቲ ዝተሓተ ከባቢታት ዳሉልን ዝትርከብ ምኳና፣ ብመንፅር ኣቀማጣ ገፀ መሬታ ንምስሕብ ቱሪዝም ሰሓቢ ዝኾነ ቦታ 'ዩ። ስለዚ ትግራይ ብታሪኽ፣ ባህልን ተፈጥሮን ውቅብትን ሰሓቢትን ዝኾነት መስሕብ ቱሪዝም 'ያ። እዚ ብምኳኑ ንበፃሕቲ መስሕብ ብዙሕ ቱሪዝም 'ያ።

**ወጋሕታ:- ኣብዚ እዋን ምንቅስቃስ ቱሪዝም ትግራይ እንታይ ይመስል? ብፍላይ ዝረኣዩ ዕድላትን ተስፋታትን ብኣንፃሩ ድማ ፈተናታትን እንታይ ይመስሉ?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** ከምዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ቱሪዝም ትግራይ ክልተ ዓበይቲ ብድሆታት በፂሕዎ 'ዩ። ካብዚ ሓደ ዓለም ለኸ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ 'ዩ። ቀፂሉ ድማ ዝተፈጠረ ደም መፋሰሲ ኲናት ነቲ ምንቅስቃስ ቱሪዝም ደው ንክብል ገይርዎ 'ዩ። እዚ ምንቅስቃስ ቱሪዝም ደው ኢሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ሓድግታትን ግልጋሎት ወሃብትን 'ውን ሰፊሕ ኪሳራ 'ዩ በፂሑ ነይሩ። ይኹን 'ምበር ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ዋላ ኣብ ሓድጊ ይኹን ኣብ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ሰፍ ዘይብል ክሳራ ይብፃሕ እዚ ናብ ፀጋ ምልዋጥ ዝከኣለሉ ዕድል ምርኣይ ኣገዳሲ 'ዩ። ስለዝዓነወ ዝለዝባደመ ሱቅ ኢልካ ዝትሪአሉ ኩነታት የለን። ስለዚ ኣብዚ ሓደ 'ቶም ልበፅሑ ዕንወታት እንታይ ይመስሉ ዝብል ንምርኣይ ዳህሳስ ኣካይድና ብኸመይኸ ክነሕውዮም ንኽእል ኢልና ኢና ርኢና። እቲ ዝነብረ ዓንዩ ኣሎ፣ ነዚ ንምድሓንን ከምኡ ድማ ስራሕቲ ልምዓት ንምቅፃል ብዝብል ማእኸል ገይርና ኣብ ከም ኣኽሱም ዝበላ ዝተፈላለያ ዓበዩቲ ዝዓነወን ሓድግታት ናይ ምድሓን ስራሕቲ ተሰሪሖም 'ዮም። ሐዚ'ውን ስራሕቲ እናቀፀለ 'ዩ ዘሎ።

ቀፂሉ ድማ ክህልው ዝግብኦ ምርግጋእ ሰላም ምጥንኻር 'ዩ። መስሕባት ቱሪዝም ካብ ሓደጋታት ነፃ ምግባርን ካብን ናብን ኣብ ዝግበር ምንቅስቃሳት ብፍላይ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር መንግስቲ ዘለዎ ኩሉ ብዘይ ዝኾነ ስግኣት ብነፃነት ምንቅስቃስ ዝከኣለሉ ባይታ ምፍጣር ዝብል 'ዩ ነይሩ። እዚ 'ውን ኽከውን ተኻኢሉ 'ዩ። ካብኡ ቀፂሉ ድማ ከምዝፍለጥ እቲ ከባቢ ኣብ ክልከላ ውሽጢ 'ዩ ነይሩ፣ ቱሪስታት ናብ ትግራይ ከይንቀሳቀሱ ናይ ሓደጋ ቦታ 'ዩ ተባሂሉ ማንም ከይንቀሳቀስ ናይ ስግኣት ቀጠና ኮይኑ 'ዩ ፀኒሑ። ካብዚ ናይ ስግኣት ቀጠና ወፃኢ ንምግባር ሚኒስቴር ቱሪዝምን ምስ ዝተፈላለዩ ናብ ትግራይ ዝመፅኡ ኣምባሳደራትን ብምዝርራብ ትግራይ ሰላም ምስፉኑን ቱሪስታት ክመፅኡ ከምዝኽእሉን ምንቅስቃሳት ቱሪዝም ንክጅመር ካልኣይ ዕላዊ ምኽፋት ፕሮግራም ቱሪዝም ብምግባር፣ ዝተፈላለዩ ሃገር ለኸን ዓለም ለኸ ቱሪስታት ቱር ጋይዳትን ሚድያታት ኣብ ዝተረኸብሉ ንክኽፈት ተገይሩ 'ዩ።

ኣብዚ ዳግማይ ምኽፋት ብሓፈሻ ክልተ ፕሮግራማት እየን ተኻይደን ነይረን። እዚኦን ድማ ሓደ ካብቶም ጉድኣት ዝበፅሖም መስሕብ ቱሪዝማት ሓደ ዝኾነ መስጊድ ኣልነጋሽ ዝበፅሐ ጉድኣት እንታይ ይመስል ምጉብናይ 'ዩ ነይሩ። እዚ ድማ ካብ ሚኒስቴሪ ቱሪዝም ዝርከብዎም ካብ ዝተፈላለዩ ሃገር ለኸን ዓለም ለኸን ቱር ኦፕሬተራት፣ ትካላት መጎብነይቲ፣ ማሕበራት ሆቴላትን ካብ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላትን ዝተወፃፅኡ ናይ ምጉብናይ ፕሮግራም ተኻይዱ።

ቀፂሉ ድማ ክልተ ሚኒስቴር ዴእታትን ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ርእሰ ምምሕዳር ግዝያዊ መንግስቲ ክልል ትግራይ 'ውን ኣብ ዝተረኸብሉ ምጉብናይ ዝተጀመረ ምኳኑን፣ ምጉብናይ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ውሕስነት ፀጥታ ቱሪዝም ግቡእ ዝኾነ ሓለዋን ክልክንን ዝካየድ ሙኳኑን ዝተረጋገፀሉን። ካብኡ ከዓ ኣብቲ ናይ ምጉብናይ ፕሮግራም ካብ ውቅሮ ጀሚሩ ከባቢ ጎቦታት ገርዓልታ ዘለውዎ ከም እንዳኣባ ይምኣታ ዝበሉን ቀፂሉ ድማ ኣብ ከባቢ ተምቤን ካልኦት ከባቢታት መስሕብ ቱሪዝማት ዑደት ተገይሩ 'ዩ። እዚ ድማ ብዓበይቲ ስሩዕ ሚድያታትንን ዘይስሩዕ ከም ማሕበራዊ ሚድያታትንን ዝበሉ ሰፊሕ ሽፋን ተዋሂብዎ ንክጋዋሕ ተገይሩ 'ዩ።

**ወጋሕታ:- ኣብ ፕሮግራም ዳግማይ ምኽፋት ቱሪዝም ትግራይ ዝተሳተፉ ኣካላት ዝሃብዎ ግብረመልሲ ኣሎ ዶ? እንተሂቦም እንታይ ይመስል ነይሩ?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** ኣብዚ ፕሮግራም ብዙሓት ቅድም ኢሎም ምርምርን ኣብ ምጉብናይን ዝፀሑ ሓዊሱ፣ ጋዜጠኛታትን ተሳቲፎም ነይሮም 'ዮም። ኣብዚ እቲ ህዝቢ ብዘጋጠሞ ኲናት ምኽንያት ዋላ ሰፍ ዘይብል ፀገም ይብፅሓዮ፣ ጋሻ ናይ ምቅባል ባህሊ ዘለዎ ምኳኑ፣ ኣብ ቀፃሊ 'ውን ኣብ ልምዓት ቱሪዝም ፅቡቅ ተኽእሎ ዘለዎ ሕብረተሰብን ኣመራርሓን ከምዘለዎን። ከምኡ 'ውን ቱር ኦፕሬተራት ድሕሪ ናይ ክልተን ሰለስተን ዓመት ከቢድ ናይ ኲናት ከባቢ ኮይኑ ፀኒሑ፣ ይኹን 'ምበር እቲ ከባቢ ስግኣት ፀጥታ ዘይብሉ ምኳኑ ምርኣዮም ኣብ ቀፃሊ ዘምፅእዎም ኣጋይሽ ናብዚ ጉዕዞ ነከካትቱን ካልኦት ኣጋይሽ ድማ ብዝረኣይዎ ፅቡቅ ነገር ንኻልኦት ከምዘፋልጡ ቃል ኣትዮም 'ዮም ከይዶም።

ብድሕሪኡ 'ውን ካብቶም ቃል ቅትዮም ዝኸዱ ቱር ኦፕሬተራት ቃል ብዝኣትውዎ መሰረት ኣጋይሽ ሒዞም ብምምፃእ ብተገባር ዘርእዩ ዘለውሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብዚ ዘለናዮ ኹነታት ትግራይ ስሩዕ ዝኾነ በጀት የብላን። ስለዝኾነ ብዙሕ ፀገመ 'ዩ ዘሎ። ነዚ ፀገም ንምሽፋን ከምዚ ዝበለ ፕሮግራም ንክተዳሊ ድማ ብናይ መንግስቲ ሓይሊ ኣይክኣልን። ስለዚ ኣብ ከተማ መቐለ ከባቢ ዘለዎ ወነንቲ ሆቴላት ናይ ገንዘብ፣ ናይ ትራንስፖርትን ንኣጋይሽ መስተንግዶ ምሽፋንን ዝበሉ ወፃእታት ብምግባር 'ዩ ተኻይዱ ነይሩ። ስለዝኾነ እቲ ዝተኻየደ ፕሮግራም ናይ መንግስቲ ስራሕ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ መዳርግቲ ኣካላት 'ውን ተሳትፎ ዝነበሮ ከምዝኾነን ኣብ ቀፃሊ ልምዓት 'ውን ክልቲኡ ተሓባቢሩ ክሰርሕ ዝኽእል ምኳኑ ዘርአየሉ ኩነታት 'ዩ ነይሩ።

**ወጋሕታ:- ካብ ዝተፈላለዩ ናብ ትግራይ ዝመፅኡ ቱሪስታት መፂኦም ብዝረኸብዎ ግልጋሎታት ይዓግቡ ኣለውዶ?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** ከምዝፍለጥ ኣብ ኹናት ዝነበረ ኸባቢ ክንድቲ ዘድሊ ግልጋሎት ንምሃብ ኣፀጋሚ 'ኳ እንተኾነ፣ እቲ ቱሪዝም ንክላለን ንክሰፍሕን ብዝከኣሎም መጠን እቶም ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት እቲ በፃሒ ዓዲ ቱሪስት ደጋጊሙ ንክመፅእን ዓጊቡን ንክኸይድ ዋላ ብኺሳራ 'ውን ይኹን ይሰርሑ 'ዮም ዘለው።

**ወጋሕታ:- ኣብ ቱሪዝም ትግራይ ዘለው ዕድላት ተስፋታትን ንምስፋሕን ዘለው ፈተናታት ድማ ንምፅባብ ዝከኣለሉ ኩነታትን ኣብዚ እንታይ ይስራሕ ኣሎ?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** ቅድም ከምቲ ዝበልኩኻ ኣብ ሓደ ከምዙይ ዓይነት ፀገም ዝበፅሐን ዓድታት መጀመርያ ዝገብርኦ እንታይ 'ዩ፣ እቲ ዝበፅሓን ጉድኣት ክድሕን ዝኽእል ስትራተጂ ምውፃእ 'ዩ። ስለዚ ቀፃሊ ምንቅስቃስ ቱሪዝም ኣብ ነዊሕ፣ ኣብ ማእኸላይን ኣብ ሓፂርን ግዜን ክስርሑ ዝግብኦም እናተነፀረ ቅደም ሰዓብ ሂብካ ብምስራሕን ካብኡ ድማ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃእን ዘለው ተጋሩን ፈተውቲ ተጋሩን ብምትሕብባር ብምስራሕን እቲ ቱሪዝም ናብቲ ዝነበሮ ምምላስ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብኡ ብዝሓሸ ይስራሕ ኣሎ 'ዩ። እዚ ንምስራሕ ድማ ኣብ ዓለም ዘለው ናይ ቴክኖሎጂ ዕድላት ብምጥቃምን ዝተፈላለዩ ተሞክሮታትን ብምውሳድ ትኽክለኛ ዓሚል ብምልላይን ብምንፃርን ብቴክኖሎጂ ናይ ምልላይ ስራሕቲ ይስራሕ 'ዩ። ስለዚ ቱሪዝም ትግራይ ከም ሓደ ናይ ኢኮኖሚ ሴክተር ገይርካ ብምውሳድ ተተሊሙ ይስራሕ ኣሎ 'ዩ።

**ወጋሕታ:- ከምዝፍለጥ ዘፈር ቱሪዝም ንበይንኻ ዝስራሕ ዘይኮነስ ምስ ኣብቲ ዘፈር ዝሰርሑ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብሓባር ዝስራሕ 'ዩ እሞ፣ ምስ ኣብ ጎረባብቲ ክልላት ዘለው ኣካላት ተቀናጅኹም ብሓባር ዝትሰርሑሉ ዕድል ኣሎዶ?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** ትኽክል 'ዩ ቱሪዝም ዶብ የብሉን። ፖለቲካ 'ውን ኣይግድቦን። ስለዚ ኣንሕና ከም ናይ ትግራይ ቱሪዝም ካብ ዝኾነ ከባቢ ዝመፅእ ቱሪስት ተቀቢልና ግቡእ ደገፍን ክንክን ሂብና እናሰራሕና ንኸድ ኣለና ኢና። ኣብዚ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢ ዝርኣዩ ፀጋማት ኣለው 'ዮም። ነዞም ፀገማት ዚኦም ድማ ኣብ ቀፃሊ

‹‹ሚድያታት ኣብ... ገፅ 6



# ‹‹ሚድያታት ኣብ መሰሕባት...

ምስ ዝምልከቶ ኣካል ርክብ ብምፍጣር ምንቅስቓስ ቱሪዝም እቲ ኦፕሬተርን ቱሪስትን ብዝደልዩ፣ ቱሪስታት ብዝንቀሳቀስሉ መስርሕ፣ ትካላት ቱሪዝም ዓለምን ትካላት ንግዲ ዓለምን ብዘውፅእዎ መምርሕታትን ተኸቲልኻ ናይ ቱሪዝም ስነምግባር ማእኸል ገይርካ ምስ ጎረባብቲ ክልላት ይኹን ዋላ ምስ ዓድታት 'ውን ክኸውን ይኽእል 'ዩ፤ ኣብዚ ብቐፃልነት ሓቢርካ ንምስራሕ ኣብ ምድላዋት ኢና ዘለና።

**ወጋሕታ:- ርኡይ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ንክመፅእ ወይ ዕውት ስራሕቲ ንክህልው መን እንታይ ግደ ክፃወት ኣለዎ ይብሉ?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** ናብዚ ክንመፅእ ከለና ቱሪዝም ብባህሪኡ ተሳትፎ ብዙሕ ኣካልት ዝጠልብ ዓውዲ 'ዩ። ስለዚ ብውልቀ ኣብ ሆቴልን ቱሪዝምን ዝንቀሳቀሱ ኣካልት ኣብ ምልላይ ይኹን ኣብ ምልማዕ ቱሪዝም ግደኦም ክፃወቱ ኣለዎም። ትካላት ትምህርቲ ከም ዩኒቨርስታት ዝበሉ ትካላት ድማ ኣብ ስራሕቲ ምርምር ግደኦም ብምፅዋት ኣብዚ ክሳተፉ ኣለዎም። መንግስቲ 'ውን ኣብዚ ዓውዲ ቱሪዝም ዝተሰማረዩ ሰብ ሃፍቲ ኣድላይ ድጋፍ ምግባር። ብፍላይ ከምዚ ዓይነት ፀገም ዘጋጠመን ዓድታት ነቲ ዘጋጠመን ፀገም ከከሓሕስ ዝኽእል ፖሊሲን ስትራተጂን መሰል ስራሕትን ምስራሕ የድሊ። ስለዚ መንግስትን ህዝብን ካልኦት ዘይመንግስታዊ ኣካላትን ኣብዚ ዘፈር ተሳትፍኦም ብምሕያል ማሕበረሰብ ማእኸል ዝገበረ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ንክህልው ግደኦም ከዕዝዙ ይግባእ። እዚ ንክኸውን ድማ እቲ ሐዚ ዘሎ ማሕበረሰብ ማእኸል ዝገበረ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ምስራሕ ኣብ ዝብል መሰረት ገይርና ኢና ንኸይድ ዘለና።

ኣብ ውሽጢን ዓድን ኣብ ደገን ዘሎ ትግራዋይን ፈታዊ ትግራዋይን ቅድም ኢሉ ኣብ ምልላይ ይኹን ኣብ ምልማዕ ዝገብሮ ተሳትፎ ፅቡቕ ጅማሮ 'ዩ። ስለዚ ነዚ ተሳትፎ ብምሕያል ቱሪዝም ትግራይ ኣብ ዓለም ንክላለይን፤ ትግራይ ዘለዋ ሃፍቲ ንኢኮኖሚን ማሕበራውን ረብሓ ንክውዕል ኹሉ ናይ ውልቁ ተሳትፎ ንክገብር 'የ ዝፅውዕ።

**ወጋሕታ:- ብመንግስቲ ፌደራል ካብ ዝስርሑ ዘለው ፕሮጀክታት ሓካል €€መኣዲ ንወለዶ‹‹ ዝኾነ ጎቦታት ገርዓልታ ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** እቲ ፕሮጀክት ኣብ 96 ሄክታር ስፍሓት ዝውዓለ ቦታ ኮይኑ፤ ንድሕንነት ሓድጊ (ኣብ ግዝያዊ ምዝገባ ሓድግታት ዓለም ዝኣተወ ሓድጊ ጎቦታት ገርዓልታ) ብዘይፃባእ ካብ ሕንብርቲ ዞባ ወፃኢ "ኮርነር ዞባ" ቦታ ብምምራፅ ሂብናዮም፤ ስራሕ ንምጅማር ድማ ቅድመ ምድላው ዝኾኑ ስራሕቲ ዲዛይንን ሰርቨይን ተወዲኡ ከም ስራሕቲ ስቶራት (መኽዚን ኣቁሑት) ዝበሉ ስራሕቲ ተሰሪሖም ንምጅማር ኣብ ከይዲ 'ዩ ዝርከብ።

እቲ ፕሮጀክት ናይ ሎጅን ሪዞርትን ስራሕቲ ኮይኑ እዚ ድማ ግልጋሎት መደቀስን መዘናነይን ዘጠቓልል 'ዩ። ከምዝፍለጥ ናይዚ ፕሮጀክት ዋና ዕላማ እቲ ቱሪዝም ማእኸል ተበፃሒ ንምግባርን እግሪ ምትካልን ኮይኑ፤ ኣብ ቀፃሊ ድማ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ተጠቃሚ ምግባር 'ዩ ዝኸውን።

**ወጋሕታ:- ኣብዚ ክስዓል ኣለዎ ዝትብልዎ ዘይተልዓለ ሓሳብ መልእኽቲ እንተሃልዩ ናይ መወዳእታ ዕድል ክህቦም?**

**ኣይተ የማነ ገድሉ :-** መብዛሕትኡ ገሊፀዮ 'የ። ሚድያታት ምንቅስቓስ ቱሪዝም ትግራይ ዳግማይ ተጀሚሩ ብሰላማዊ ኩነታት ይኸይድ ምህላውን ብኣካል ኣብ መሰሕባት ቱሪዝም ተረኺበን ኣብ ምምልላይ ግደአን ክፃወታ ኣለወን። መንግስትን ዘይመንግስትን ኣካላት ኣብ ትግራይ ቱሪዝም ዝበፅሐ ጉድኣትን ፈታሒ ፀገም ኮይንካ ኣብ ምስታፍን ኣብ ምትብባዕን ተጠናኺሩ ክቕፅል 'የ ፃዊዕተይ ዘቕርብ። የቐንየለይ።

ወጋሕታ:- ኣነ ውን ኣብ ዝተፃበበ ግዝኦም ሰዊኦም ንዝሃቡኒ መብርህን ሓበሬታን የቐንየለይ።

# ‹‹ኣብ ኢትዮጵያ ልኡላውነት ...

ሃፍታም ዝኾነት ሃገር ንቕድሚት ንምስዓም ናይ ምድማር ፍልስፍና ኣገዳሲ ምኺኑ ኣመልኪቶም።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ኩሎም ዓውድታት ዝተሰላሰሉ ስራሕቲ ንቐፃሊ ወለዶ መሰረት ከምዝኾነ ጠቒሶም።

ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዕላዊ ዝተገበረ ናይ ውሽጢ ሃገር ቁጠባዊ ምምሕያሽ ሕርሻ፣ ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ፣ ቱሪዝም፣ ማእድንን ኢንፎርሜሽን ኮሚዩኒኬሽን ቴክኖሎጂን መሰረት ልምዓት ምዃኖም ብምጥቃስ፤ እዚኦም ዘይተነኸኡ ዓምዲ ኢኮኖሚ ምዃኖም ኣብቲ መድረኽ ተዛሪቦም።

ብፍላይ መፍረያይነት ዓውዲ ሕርሻ ን120 ሚልዮን ህዝቢ እታ ሃገር መተካእታ ዘይብሉ ግደ ከምዘለዎ ብምግላፅ፣ እቶም ካልኦት ንቁጠባዊ ዕብየትና ኣድለይቲ ምዃኖም ገሊፆም።

ብተወሳኺ ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ብዝተኻየዱ ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ፣ መጠን ተሓራሲ መሬት ብልዕሊ 50 ሚኢታዊ ከምዝወሰኸ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ብምጥቃስ፤ ሕዚ'ውን ንክሕረስ ዝተዳለወ ሰፊሕ መሬት ከምዘሎ ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ዘለና ዓሚቕ ዓቕምና ኣብ ረብሓ ንምውዓል ፃዕሪና ኣጠናኺርና ንምጥቃም ዝጀመርናዮ ፃዕሪ ኣጣናኺርና ቐፂልና ኢና ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ብፍላይ ልዑል ዋጋ ዘምፅኡን ንኢንዱስትሪ እታዎት ዝኾኑን ተኽልታት ንምልማዕ ዝጀመርናዮ ፃዕሪ ተስፋ ዝህብ 'ዩ ኢሎም።

ድርቂ ዝፃወሩን ውሑድ ማይ ዝጥቀሙን ዘራእቲ ንምፍራይ ዝተጀመረ ስራሕ ዘተባብዕ ምዃኑ ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ብፍላይ ድማ ውፅኢት ምልማዕ ስርናይ፣ ጣፍ፣ ዕፉንን ስገምን ብጭቡጥ ይረአ ከምዘሎ ገሊፆም።

ብተወሳኺ ኣብ መስኖ ፍሉይ ትኹረት ሂብና ዝጀመርናዮ ምልማዕ ስርናይ ንዓሰርተታት ዓመታት ካብ ደገ ብምእታው ፅግዕተኛ ዝነበረ ከይዲ ምህርቲ ስርናይ ቀይርዎ 'ዩ ክብሉ ሓቢሮም።

ኣብ ምልማዕ ስርናይ ዝተኸታተልናዮ ዘመናዊ ልምዓታዊ ቴክኖሎጂ ካብ ሕፅረት ስርናይ ብምልቓቕ ልዑል ዕብየት ምህርቲ ከንረክብ ገይሩና 'ዩ ብምባል ዕውትነቱ ነቲ መድረኽ ገሊፆም።

ካብ ድኽነት ንምውፃእ ዓቕሚ ሰብና ተጠቒምና መፍረያይነት ክንውስኽ ትፅቢት ይግበረልና ክብሉ ኣስሚሮምሉ።

ኣፍራዪ ዝኾነ ሓይሊ ሰብና ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ብዙሕ ኢንቨስትመንት ምምዳብ ከምዘድሊ ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ነዚ ድማ ካብ ምስፍሕፋሕ እቲ ዝሕረስ መሬት ብተወሳኺ ኣብ ምፍራይ ፀባ፣ ስጋ፣ ደርሆ፣ ዓሳን መዓርን 'ውን ትኹረት ንገብር ኣለና ኢሎም።

ካብ 2018 ዓ.ም. ፈ ጀሚሩ ኣብ ጉዳያት ኢንቨስትመንት ከምዝተመሓየሹ ብምግላፅ፣ ትካላዊ ህንፀትን ምምሕያሽ ሕግታትን ስርዓታትን ኣካል ናይዚ ምዃኑ ኣፍሊጦም። እዚ ንጥፈት እዚ ንኢትዮጵያ ንኢንቨስትመንት ተመራፂት ገይርዋ 'ዩ ክብሉ 'ውን ተዛሪቦም።

ኢትዮጵያ ዘጋጠመምዋ ብድሆታት ብምፅዋር ኣብ ርጉእ ኩነታት ኮይና ኣብ ልምዓት ንቕድሚት ትስጉም ምህላዋ ብምምልካት፣ እዚ ድማ ዕላማ ልምዓታ ክትወቅዕን ኢንቨስትመንት ክትስሕብን ኣኽኢልዋ 'ዩ ኢሎም።

ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸቡ ዓቕሚ ዘለዎም ሰብ ሃፍቲ ብምልኦም ብዓርሰ ምትእምማን ኣብ ኢትዮጵያ ኢንቨስት ክገብሩ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ፀዊዖም።

ብተወሳኺ ኣብ ጉዕዞ ለውጢ ኢትዮጵያ ሓገዝ ንዝገበሩ መሻርኽቲ ልምዓት ኣመስጊኖም።

ንቲ ኣፍልጦን ሽልማትን ኣመልኪተን ሚኒስትር ፕላንን ልምዓትን ፍፁም ኣሰፋ (ዶ/ር) ከምዝገለፅኦ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ትራንስፎርሜሽን ስርዓተ ምግቢ ልዑል ስራሕ ብምስራሓ ኣፍልጦ ረኺባ ኣላ።

እቲ ኣፍልጦን ሽልማትን ዝተረኸበ ብኣመራርሓ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ከም ሃገር ኣብ ትራንስፎርሜሽን ስርዓተ ምግቢ ልዑል ስራሕ ብምስርሑ ኢዩ ኢለን።

እቲ ዝተውሃበ ኣፍልጦን ሽልማትን ብብዙሕ ኣፀጋሚ ኩነታት ውሽጢ ብምዃን ስርናይ ሓጋይ፣ " ቱሩፋት ሌማት" ከምኡ'ውን ብመርሃ ገብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ውፅኢት ምርኣይ ምጅማሩ ስዒቡ ከምዝኾነ ተዛሪበን።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ብዓውዲ ግብርና ልዑል ለውጢ ምርኣዩ እውን ገሊፀን።ነዚ ድማ ብልምዓት ዝራእቲ ናብ 36 ሚኢታዊ ዕብየት ከምዝተርኣየ ተዛሪበን።

በፍላይ ብፍሪያት ስርናይ ምስ ዝሓለፈ ዓመት ተመሳሳሊ እዋን እንትነፃፀር ናብ 200 ሚኢታዊ ዝፅጋዕ ወሰኽ ዕብየት ከምዝተመዝገበ ገሊፀን።ብካልኦት ፍሪያታት ምስ ናይ ዓሚ ተመሳሳሊ ዘበነ ምህርቲ እንትነፃፀር ልዑል ዝኾነ ወሰኽ ከምዝተረኸበ ሓቢረን።ፅዕንቶታት መራሕቲ ኣብ ኩሉ መዳይ ለውጢ ሓንቲ ሃገር ዝህልዎ ፅልዋ ቀሊል ኣይኮነን ኢለን።

ስለዝኾ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ካብ ግብርና ብተወሳኺ ኣብ ዓውዲ ቱሪዝምን ካልኦት ዓውዲታትን ህዝቢ ብምንቕቓሕ ብዙሓት ስራሕቲ ነክስርሑ ኣብ ምግባር ዕዉት ስራሕ ከምዝሰርሑ ተዛሪበን።

ስለዝኾነ ሜዳልያ ኣፍልጦን ሽልማትን ፋኦ ኣግሪኮላ ንዘዐወትዎም ስራሕቲን ኣብ ቀፃሊ በቲ ዓውዲ ንዝሰርሕዎም ስራሕቲን ዓቕሚ ዝኾኑ ከምዝኾኑ ተዛሪበን።

# ቱሪዝም ትግራይ ንምዕዛዝ ...

ኣይተ የማነ ገድሉ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝንበሮም ፃንሒት ፤ ብውልቀ ኣብ ሆቴልን ቱሪዝምን ዝንቀሳቀሱ ኣካልት ይኹኑ ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ምልላይ ይኹን ኣብ ምልማዕ ቱሪዝም ግደኦም ንክፃወቱ ፃዊዒት ኣቕሪቦም።

ቱሪዝም ብባህሪኡ ተሳትፎ ብዙሕ ኣካልት ዝጠልብ ዓውዲ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ የማነ፤ ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲ ኣብ ስራሕቲ ምርምር፣ መንግስቲ'ውን ነቲ ዘጋጠመ ፀገም ከከሓሕስ ዝኽእል ፖሊሲን ስትራተጂን መሰልን ስራሕቲ ብምስራሕ ተሳትፍኦም ብምሕያል ማሕበረሰብ ማእኸል ዝገበረ ምንቅስቓስ ቱሪዝም ንክህልው ግደኦም ከዕዝዙ ይግባእ ክብሉ ገሊፆም።

ከምኡ 'ውን ሚድያታት ምንቅስቓስ ቱሪዝም ትግራይ ዳግማይ ተጀሚሩ ብሰላማዊ ኩነታት ይኸይድ ምህላውን ብኣካል ኣብ መሰሕባት ቱሪዝም ተረኺበን ኣብ ምምልላይ ግደአን ክፃወታ ኣለውን ክብሉ ኣይተ የማነ ወሲኾም ፀዊዖም።

ከም ገለፃ ኣይተ የማነ፤ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ደገን ዘሎ ትግራዋይን ፈታዊ ትግራዋይን ቅድም ኢሉ ኣብ ምልላይ ይኹን ኣብ ምልማዕ ዝገብሮ ተሳትፎ ፅቡቕ 'ዩ ብምባል፤ ስለዚ ነዚ ተሳትፎ ብምሕያል ቱሪዝም ትግራይ ኣብ ዓለም ንክላለይን፤ ትግራይ ዘለዋ ሃፍቲ ንኢኮኖሚን ማሕበራውን ረብሓ ንክውዕል ኹሉ ናይ ውልቁ ተሳትፎ ንክገብር 'የ ዝፅውዕ ኢሎም።

በተወሳኺ ብመንግስቲ ፌደራል ካብ ዝስርሑ ኣካል ፕሮጀክት መኣዲ ንወለዶ ዝኾነ ጎቦታት ገርዓልታ ስራሕ ንምጅማር ቅድመ ምድላው ዝኾኑ ስራሕቲ ዲዛይንን ሰርቨይን ተወዲኡ ከም ስራሕቲ ስቶራት (መኽዝን ኣቁሑት) ዝበሉ ስራሕቲ ተሰሪሖም ንምጅማር ኣብ ከይዲ ከምዝርከብ ኣይተ የማነ ሓቢሮም።

እዚ ፕሮጀክት ኣብ 96 ሄክታር ስፍሓት ዝዓርፍ ከምዝኾነ ዝገለፁ ኣይተ የማነ፤ እዚ ክስራሕ ተጀሚሩ ዘሎ ፕሮጀክት ንድሕንነት እቲ ሓድጊ (ኣብ ግዝያዊ ምዝገባ ሓድግታት ዓለም ዝኣተወ ሓድጊ ጎቦታት ገርዓልታ) ብዘይፃባእ ካብ ሕንብርቲ ዞባ ወፃኢ ቦታ ብምምራፅ ከምዝተውሃበ ገሊፆም።

እቲ ፕሮጀክት ናይ ሎጅን ሪዞርትን ስራሕቲ ኮይኑ እዚ ድማ ግልጋሎት መደቀስን መዘናነይን ዘጠቓልል ምዃኑ ዝገለፁ ኣይተ የማነ፤ ናይዚ ፕሮጀክት ዋና ዕላማ ቱሪዝም ማእኸል ተበፃሒ ንምግባርን እግሪ ምትካልን ኮይኑ፤ ኣብ ቀፃሊ ድማ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ተጠቃሚ ምግባር 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

# ‹‹ወፍሪ ዕቑባ ሓመድን ማይን ...

ወፍሪ ዕቑባ ሓመድን ማይን ክእቶ 'ዩ።

ሕዚ ዝግበሩ ዘለዉ ናይ ምልዕዓል ምድላዋት ናብቲ ስሩዕ ወፍሪ ንምእታው 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ሚኪኤል፤ ክካየድ ዝፀንሐ ምልዕዓል ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተገምጊሙ ‹‹ወፍሪ ዕቑባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ቑጠባዊ ውሕስናና›› ብዝብል ቴማ ናብ ስራሕ ክእቶ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ሎሚ ዘበን ምስቶም ዘለዉ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ፀገማት ኢና ንምስራሕ ንሳናዳእ ዘለና።ብፍላይ ተሓራሲ መሬት ተሓሳቢ ብዝገበረ ኢና ክንሰርሕ።ምኽንያቱ እቲ ክልል ኣብ ኩናት ብምፅንሑ ስዒቡ ብቑጠባና ስለ ዝተጎድአ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ብሰፊሑ ፀቒጥና ክንሰርሕ ኢና ኣብ ምንቕስቓስ ንርከብ ዘለና፡፡

ኣብ ትግራይ ኣብ ሰለስተ ዞባታት ሕፅረት ዝናብ ስዒቡ ድርቂ ኣጋጢሙ ልዑል ሕፅረት ምግቢ ከምዘጋጠመ ዝፍለጥ 'ዩ፤ ከምኡ 'ውን ብዙሕ ዝተፈናቐለ ህዝቢ ናብ መረበቱ ዘይተመለሰሉ ኩነታት ስለ ዘሎ ተደራረብቲ ፀገማት ምህላዎም ኩሉ ዝፈልጦ ጉዳይ 'ዩ።ኣብልዕሊ እዚ ኩሉ ፀገም ብምዃን 'ዩ ናብቲ ልምዓት ንምእታው ምርብራብ ዝግበር ዘሎ ክብሉ ኣመላኺቶም።

ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ብዝነበረ ኩናት ስዒቡ ከም ክልል ዕቑባ ስራሕቲ ማይን ሓመድን ክካየድ ከምዘይፀንሐ ዘዘኻኸሩ እቶም ዳይሬክተር፤ ቅድሚኡ ግና ብሃገር ይኹን ብዓለም ደረጃ ክልል ትግራይ ኣፍልጦ ዝነበራን ከም ሞዴል እትውሰድ ዝነበረትን ክልል 'ያ ክብሉ ኣዘኻኺሮም፡፡

ሕዚ ዝግበር ዘሎ ምድላው ኩሉ ዘለዎ ዓቕሚ ብምትሕብባር ተፈጥሮ ሃፍቲ 'ውን ብምሕዋይ ውሕና ምግቢ ንምርግጋፅ ንምሕጋዝ ተሓሳቢ ብምግባር 'ዩ ዝስራሕ ዘሎ ክብሉ ተዛሪቦም።

ብተመሳሳሊ ልዕሊ 50 ሺሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ እናለምዐ ከምዝርከብ ብምሕባር፤ ኣብዚ መስኖ እዚ፣ ብዝተፈላለዩ ቐዋሚን ዘይቐዋሚን ተኽልታት እናለምዐ ከምዝርከብ ገሊፆም፡፡

ናይ ሎሚ ዘበን ናይ መስኖ ስራሕትና ምስቲ ዝገጠመና ድርቂ ተተሓሒዙ ምህርቲ እቶት ንምውሳኽ ኣብ ናይ መስኖ ስራሕቲ ብስፍሓት ክንነጥፍ ኣለና ኢልና ብምሕሳብ ናይ ምንጣሮ ስራሕቲ ብምውሳኽ 'ውን ኢና እናልማዕና ንርከብ ክብሉ ወሲኾም ሓቢሮም፡፡

# ኣብ ከተማ መቐለ...

እናሰርሑ ይርከቡ።

ኣብቲ ዓውዲ ዝተዋፈረ መንእሰይ ብርሃነ ተካ ዋጋ ኣትኽልትን ፍራምረን እናወሰኸ ብምኻዱ ንፍርያት ኣትኽልትን ፍራምረን ትኹረት ብምሃብ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ በትግሃት እናኸወነ ምኺኑ ገሊፁ።

ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ልምዓት መስኖ ተዋፊሩ ከምዝፀንሐ ዝተዛረበ እቲ መንእሰይ ብዓመት ሰለስተ ግዜ ብምፍራይ ንባዕሉን ንቤተሰቡን ብኢኮኖሚ እናሓገዘ ከምዝኾነ ተዛሪቡ።

ካብ ስደት ኣብ ዓደይ ሰሪሐ ተረባሒ ክኸውን ከምዝኽእል ብምፍላጠይ ኣብ ልምዓት መስኖ ተዋፊረ ንምስራሕ ኽኢለ ኣለኹ ዝበለ ድማ መንእሰይ ክንድሓው መብራህቱ 'ዩ።ኣብ ሓደ ሄክታር መሬት ስራሕቲ ልምዓት መስኖ እናሰርሐ ከምዝኾነ'ውን ወሲኹ ገሊፁ።

ኣብ ዘልምዖ መሬት ድንሽ፣ ዕፉንን ጉዕ በርበረን ከምዝተኸለ ዝተዛረበ እቲ መንእሰይ ኣብዚ እዋን ነቲ ሓረስታይ ዝምችው ዝሐሸ ዋጋ ኣብ ዕዳጋ ብምህላው ኣብ ዓመት ልዕሊ 80 ሽሕ ብር ትርፊ ከምዝረክብ ተስፋ ኣለዎ።

መናእሰይ ግዝኦም ኣብ ዘይረብሕ ቦታ ካብ ዝሕልፍዎ ካብ ዓርሶም ሓሊፉ ንኻልኦት ብዝተርፉሉ ኣብዚ ስራሕ ተዋፊሮም ንክሰርሑ መልእኽቱ ኣሕሊፉ።

ኻሊእ ናይቲ ከተማ ነባሪ ዝኾኑ ኣይተ ፀጋይ በላይ ኣብ ስራሕ ልማት መስኖ ልዕሊ ሾመንተ ዓመት ልምድዒ ከምዘለዎም ብምግላፅ፤ ካብ ውልቀሰባት መሬት እናተኻረዩ ብዘልምዑዎ ልምዓት መስኖ ሓሙሽተ ቤተሰቦም ብዘይዝኾነ ፀገም ምምሕዳር ከምዝኸኣሉ ተዛሪቦም። ብምውሳኽ ሓሓሊፉ ናይ ዘመናዊ ማዳበሪያ፣ ናይ ምሩፅ ዘርእን ከምኡ ውን ሕፅረት መሬት ከምዘጋጥሞም ዝተዛረቡ ኾይኖም፤ እቶም ዘለው ፀገማት ተፃዊሮም ስራሕቲ መስኖኦም በትኹረት እናኸውኑ ምዃኖም ገሊፆም።

ኣብ ከተማ መቐለ ልዕሊ 2 ሽሕን 882 ነበርቲ ኣብ ልምዓት መስኖ ተዋፊሮም ከምዝርከቡ ተሓቢሩ።

# “ንሓባራዊ ተጠቃምነት መትከል ንዝገበረ ስምምዕነት ከይተረደኡ ንኢትዮጵያ ምውጋዝ ተቐባልነት የብሉን”

- ኣምባሳደር ፍፁም ኣረጋ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ:- ስምምዕነት በሪ ባሕሪ ንመትከል ሓባራዊ ተጠቃምነት መሰረት ዝገበረ ምዃኑ ከይተረድኡ ንኢትዮጵያ ዘውገዙ ኣካላትን ሃገራትን ተቐባልነት የብሎምን ክብሉ ኣብ ካናዳ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ፍፁም ኣረጋ ገሊፆም።

ኣምባሳደር ፍፁም ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ኢትዮጵያ ናይ በሪ ባሕሪ ተጠቃምነታ ንምዕባይ እንትሰርሕ ውሑዳት ሃገራት ንምቅዋም ክፍትና ‘የን። ስምምዕነት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን ንሓባራዊ ተጠቃምነት መትከል ዝገበረ ምዃኑ ብዘይምርዳእ ሓደ ሓደ ሃገራት እናተቓወማ ይርከባ ፤ ተቓውሞኣን ረብሓና ክትንከፈና ‘ዩ ብዝብልን ኣብቲ ከባቢ ላዕለዎት ኾይነን ንምርኣይ ካብ ምድላይን ዝተልዓለ ‘ዩ፡፡

እቲ ስምምዕነት ረብሕኣን ከይተንከፈለንን ንኢትዮጵያ ክሳብ ምውጋዝ ዝበፅሓን ሓደ ሓደ ሃገራት እቲ ጉዳይ ከይተመልከተን ዝህብኦ ነቐፌታ ተቐባልነት የብሉን ክብሉ ገሊፆም።

ኢትዮጵያ ትገብሮም ዝኾኑ ዓይነት ስምምዕነታት ንሓባራዊ ተጠቃምነት መትከል ዝገበሩ ምዃኖም ብኽልቲኣውን ብኻልኦት ዲፕሎማሲያዊ መማረፅታትን ንምርዳእ ስራሕቲ እናተሰርሐ ምዃኑ ኣልዒሎም፤ እዚ ‘ውን ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ ኢሎም።

ነቲ ዞባ ብምሕሳብ ዘይኮነስ ንናይ ባዕሎም ተጠቃምነት ብምጭናቕ ነቲ ስምምዕነት እናውገዙ ንዝርከቡ ኣካላት ኢትዮጵያ ብዝሰኸነ ዲፕሎማሲያዊ መገዲ እናረድኣት ምዃና ‘ውን ሓቢሮም።

ኢትዮጵያ ብመትከል ሂብካ ምቕባል ትኣምን ሃገር ‘ያ ዝበሉ ኣምባሳደር ፍፁም፤ ንምትእስሳር እቲ ዞባ እናበርከተቶ ካብ ትርከብ ኣበርክቶ ብተወሳኺ ‘ውን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ጥንኩር ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ምትእስሳር ከምዝፈጠረት ኣረዲኦም።

ምስ ጎረባብታ ብንግድን መሰረተ ልምዓትን ዝተኣሳሰረት ከምኡ ‘ውን ብሓባራዊ ተጠቃምነት ትኣምን ሃገር ከምዝኾነት ብምግላፅ፤ ከከም ከባቢኡ ጭቡጥ ኩነታት ክትህብን ክትቕበልን ኣብ ትኽእለሎም ጉዳያት ብሓባር ንምስራሕ ስምምዕነት ናይ ምግባር መሰል ከምዘለዋ ኣፍሊጦም።

ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊላንድ ዝገበረቶ ስምምዕነት ወደብ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ብሓባር ንምዕባይን ብመሰረተ ልምዓትን ብንግድን ብዝበለፀ ንምትእስሳር ንትገብሮ ፃዕሪ ዘርእይ ምዃኑ ገሊፆም።

ኢትዮጵያ ተጠቃሚት በሪ ባሕሪ ክትኸውን ምኽኣላ ናይ ባዕላ ዝወፅእን ዝኣትውን ፍርያት ብምቁፅፃር ዝተሳለጠ ግልጋሎት ወደብ ንምርካብ ከምዝሕግዛ ገሊፆም፤ ኣብ ቐፃሊ ‘ውን ዝወፁን ዝኣትዉን ፍርያታት ብምዕባይ ተወዳዳራይ ንምዃን ዝከኣለሉ ስርዓት ሎጂስቲክስ ምዝርጋሕ ከምዝግባእ ሓቢሮም።



ኣምባሳደር ፍጹም አረጋ

እናዓበየ ንዝመፅእ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ወደብ በርበራን ጅቡቲን እኹላት ዘይምዃኖም ዝተዛረቡ ኣምባሳደር ፍፁም፤ ምስ ካልኦት ሃገራት ብሓባር ንምስራሕ ትኽእለሉ መማረፂ ምጥቃም ይግባእ ክብሉ ኣመላኺቶም

# ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ናብ ዝተማለአ ሰላም ክሰጋገር ዝተጀመረ ፃዕሪ ተጣናኺሩ ክቕፅል 'ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብናይ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ዝተረኸቡ ናይ ሰላም ፍረታት ብምንክብኻብ፣ ዝጎደሉ ክፍተታት ብምምላእ፣ ናብ ዝተማለአ ሰላም ክሰጋገር መንግስቲ ዝጀመሮ ፃዕሪ ኣጣናኺሩ ከምዝቕፅል ፓርቲ ብልፅግና ገሊፁ፡፡

ፓርቲ ብልፅግና ነዚ ዝበለ ስራሕ ኣፈፃሚን ማእኸላይ ኮሚቴን ፓርቲ ብልፅግና ስሩዕ ኣኼብኦም ካብ 13ጥሪ ክሳብ 17 2016 ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ድሕሪ ክካየድ ምፅንሑ ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ ፣ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ናብ ዝተማለአ ሰላም ክሰጋገር መንግስቲ ዝጀመሮ ፃዕሪ ኣጣናኺሩ ከምዝቕፅል ሓቢሩ፡፡

ከምኡ 'ውን ሃገራዊ ምትእስሳር ክህሉ ካብዝኽእሉ ጉዳያት እቲ ሓደ ሃገራዊ ምኽክር ምስኻዕ 'ዩ ዝበለ እቲ መግለፂ፤ ስግግር ፍትሕን ነበር ተዋጋእትን ናይ ተሃድሶ ፕሮግራማት ብዝግባእ መገዲ ብምክያድ ውፅኢታዊ ክኾኑ መንግስቲ ሓላፍነቱ ከምዝዋፃእ እቲ ፓርቲ ገሊፁ፡፡

ብተወሳኺ ብሰላማዊ መንገዲ ፖለቲካዊ ሕቶታቶም ኣብ ዘየቕርቡ ኣካላት ሕጊ ናይ ምኽባር ስጉምቲ ተጣናኺሩ ከምዝቕፅልን ዕላመኦም ብጠበንጃ ገይሮም ድሌቶም ከፍፅሙ ኣብ ዝፍትኑ ኣካላት ድማ ግቡእ ሕጊ ናይ ምኽባር ስራሕ ብዝተጣናኸረ መንገዲ ክካየድ ውሳነ ተመሓላለፉ ክብል እቲ መግለፂ ሓቢሩ፡፡

ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ናይዛ ሃገር ካብቲ ዘለዎ ንላዕሊ ከይኸድ እቲ ሓደ ዕንቕፋት ብፀቢብ ጉጅለኣዊ ድሌት ዝተፈጠሩ ምትእስሳራት ዘስዕብዎም ከባብያዊ ጎንፂታት 'ዮም ኢሉ፡፡

ከምዚኣም ዝበሉ ጎንፂታት ብምፍታሕ ጉዕዞ ብልፅግና ብዝበለፀ ንምቕልጣፍ፣ ተጠቃሚነት ህዝቢ ንምርግጋፅ ብዝኽእል ኣግባብ ዝተማልአ ሃገራዊ ሰላም ንምስፋን ምስ ጉጅለ ዕጡቓት ዝተጀመረ ሰላማዊ መማረፅቲታት ተጣናኺሮም ክቕፅሉ አአንፊቱ፡፡

# ኣብ ከተማ ኣክሱም ዋዕላ ኢንቨስትመንት ተሳሊጡ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢንቨስተራት፥ከንቲባታት፣ ወረዳ ኣማሓደርቲ ፣ባንኪ ማናጀራት ዝተሳተፉሉ፣ ብብርኪ ዞባ ዋዕላ ኢንቨስትመንት ኣብ ዓለምለኽ ኮንሶላር ሆቴል ከተማ ኣክሱም ከምዝተሳለጠ ምምሕዳር ከተማ ኣክሱም ገሊፁ።

ኣብቲ ዋዕላ ምክትል ከንቲባ ከተማ ኣክሱም ኣይተ ፍፁም ለገሰ ከምዝሓበርዎ፣ ኣብታ ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ከተማ ኣክሱም ኮይንና ብዛዕባ ሕውየት ኢንቨስትመንት እንትንዝቲ ነጋዶ ብዘጋጠሞም ዕንወት ተስፋ ከይቖረፁ፣ ብዝነበረ ተመኩሮ፣ ፍልጠትን ልምድን መሰረት ናብቲ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ንጡፍ ምንቅስቓስ ሕውየት ክንኣቱ ይግባእ ክብሉ ገሊፆም።

ምክትል ኣመሓደሪት ዞባ ማእኸል ወ/ሮ ባህለን ወላይ ብግዲኣን፣ ኣብ ሓደጋ ጥሜት ንዘሎ ህዝብና እንዳሓገዝና፣ ህዝቢ ዘይብሉ ንግዲ ስለዘየለ፣ ስራሕ ዕድል ‘ዉን እንዳፈጠርና ተደጋጊፍና ብኢንቨስትመንት ዝሓዝናዮ ቦታ ‘ዉን ብዘይውዓል ሕደር ክነልምዖ ይግባእ ኢለን።

ሓላፊ ኮሚሽን ሰደድን ኢንቨስትመንትን ትግራይ ኣይተ ዳኒኤል መኮነን ብወገኖም፣ ዕንወት ዘይገጠሞ ብዓል ሃፍቲ የለን።በዚ ምኽንያት ኢንቨስተር ነይሩ በተኽ ዝኾነ ኣሎ ‘ዩ። ነዚ ካሕሳ ንሓትት ኣለና ኢና፤ ይኹን ዳኣምበር ሕዚ ምኽንያታት ገዲፍና ዝጎደለና ብልቓሕ እንዳመላእና ናብ ስራሕ ንእቶ ዝበሉ ኣይተ ዳንኤል፣ ሓረስታይ ዘልምዖ ዝነበረ መሬት ተቐቢሉ ሒዝዎ ዝደቀሰ ብዓል ሃፍቲ ክሓስበሉ ‘ዩ ዝግባእ። ከልምዕ ዘይኽእል እንተኾይኑ ኣይካኣልኩን ኢሉ ይምለሶ ክብሉ ወሲኾም ገሊፆም ከም ሓበሬታን ርክብን ከተማ ኣክሱም።

# ኣብ ክልል ኦሮሚያ ኣብ ዝመፅእ ክረምቲ ሓሙሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ፈልስታት ንምትካል ተተሊሙ

• "ሓመድን ሃገርን ሓሲውናን ተኽናኺንና ን ናብ ወለዶ ነሕልፍ" ብዝብል ቴማ ወፍሪ ዕቀባ ማይን ሓመድን ክካየድ'ዩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ኦሮሚያ ብመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ 2016 ዓ.ም ሓሙሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ፈልስታት ንምትካል ከምዝተተለመ ቢሮ ግብርና እቲ ክልል ኣፍሊጡ። ዛጊድ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ፈልስታት ፈልስታት ተዳሊዎም ኣለው።

ምክትል ሓላፊ ቢሮ ግብርና ክልል ኦሮሚያ ኣይተ ኤሊያስ ከድር ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ብመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ሎሚ ዓመት ከም ክልል ሓሙሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ፈልስታት ንምትካል ዝተተለመ እንትኸውን ኣድላዪ ቅድመ ምድላው እናተገበረ ይርከብ።

ዛጊድ 'ውን ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ፈልስታት ምድላው ዝተኻኣለ እንትኸውን እቶም ፈልስታት ብሓፈሻ ኣብ ሓደ ነጥቢ 15 ሚሊዮን ሄክታር መሬት ክትከሉ 'ዮም። ካብቶም ንኽትከሉ ዝተተለሙ ፈልስታት ውሽጢ እቶም 11 ሚኢታዊ ዝኾኑ ፈልስታት ፍራምረን ዓርቃይን 'ዮም ኢሎም።

ከምኡ 'ውን 12 ሽሕ ኩንታል ዝተፈላለዩ ዘርእታት ፍራምረ፣ ንደኒን ንእንስሳት ምግብነት ዘገልግሉ ዘርእታትን ንምቕራብ ተተሊሙ 11 ሽሕን 800 ኩንታል ዘርኢ ምቕራብ ተኻኢሉ፤ 80 ሚኢታዊ መትከሊ ቦታ ምፍላይ ከምዝተኽኣለ 'ውን ኣፍሊጦም።

በቲ መርሃ ግብሪ ሓሙሽተ ዓይነት ፈልስታት ዝትከሉ እንትኸውን ብመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ሓንቲ ፀሓይ 'ውን 500 ሚሊዮን ፈልስታት ንምትካል ከምዝተተለመ ኣይተ ኤልያስ ገሊፆም።



ኣይተ ኤሊያስ ከድር

ብተወሳኺ 'ውን ስራሕቲ ጣብያታት ፈልሲ ምዝማን፣ ንዘርእን ንጣብያ ፈልስን ከገልግሉ ዝኽእሉ እታዎታት ምምላእ እናተሰርሐ ምዃኑ ኣይተ ኤልያስ ገሊፆም፤ እቲ ስራሕቲ ምድላው ክሳብ ወርሒ መጋቢት ከምዝዛዘም ተዛሪቦም።

ኣይተ ኤልያስ ከምዝገለፅዎ ኣብቲ ክልል ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት 18 ነጥቢ ሰለስተ ቢሊዮን ፈልሲ ዝተተኽለ እንትኸውን 88 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ ፅዲቑ። እዚ 'ውን 17 ሚኢታዊ ዝነበረ ሽፋን ደኒ ናብ 26 ነጥቢ ሽዱሽተ ሚኢታዊ ኣዕቢዩ። ምዕራብን ማእኸላይን ኦሮሚያ ዝለዓለ መጠን ራሕሲ ስለዘለዎም ዝለዓለ መጠን ፅድቀት ከምዘለዎ ገሊፆም።

ኣብ ሓጋይ ዝስራሕ ስራሕቲ ልምዓትን ዕቀባን ሓመድ ንዝትከል ፈልሲ ወሳኒ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ኤልያስ፤ በዚ 'ውን ምስ ሓምለዋይ ዓሻራ ጎና ጎኒ ስራሕቲ ዕቀባ ማይን ሓመድን ጠመተ ከምዝትግበር ኣፍሊጦም።

ኣይተ ኤልያስ ከምዘፍለጥዎ "ሓመድን ሃገርን ሓሊውና ተኸናኺንና ናብ ወለዶ ነሕልፍ" ብዝብል ቴማ ወፍሪ ዕቀባ ማይን ሓመድን 60 መዓልትታት እናተሰርሐ 'ዩ።

በዞም ተግባራት ብሓፈሻ ትሽዓተ ነጥቢ ሸሞንተ ሚሊዮን ክፍልታት ማሕበረሰብ ዝሳተፉ እንትኸውን እዚ ግልጋሎት ብገንዘብ እንትትመን ትሽዓተ ነጥቢ ሸውዓተ ቢሊዮን ብር ይኸውን ኢሎም።

በዚ 'ውን መፍረያይነት መሬቷ ብምዕባይ ዝርከብ ፍርያት ብምውሳኽ ንሓረስቶት ተጠቀምቲ ዝገብርን ማይ ከርሰ-ምድርን ዝተፈላለዩ ቃላያት ብቐረባ ተጠቀምቲ ንምዃን ዘኽእልን 'ዩ።

ብተወሳኺ ማሕበረሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ንኽዋፈር ዕድል ስራሕ ንምፍጣርን ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዘሎ ዝለዓለ ፍልሰት ንምቁፅፃርን የኽእል ኢሎም።

ብምዃኑ 'ውን ኩሉ ክፋል ማሕበረሰብ ኣብ ዕቀባ ማይን ሓመድን ኢሉ 'ውን ኣብ መርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ብምስታፍ ውሕስነት ምግቢ ክልሉ ኢሉ 'ውን ሃገሩ ምርግጋፅን ተጠቃምነት ምዕባይን ይግባእ ኢሎም።

# ምምሕዳር ከተማ መቐለ ብልዕሊ 1.1 ቢልዮን ብር ዝርግሐ መስመር ማይ ከም ዘሳልጥ ኣፍሊጡ

ኣዲስ ኣበባ:- ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ከተማ መቐለ ብልዕሊ 1.1 ቢልዮን ብር ኣብ መንደር ሚዘር 70 ካሬን ከባቢኡን ዘሎ መሰረታዊ ፀገም ማይ ንምቕራፍ ምስ ቤት መዘጋጃ ከተማ መቐለ ውዕሊ ኣሲሩ። ህንፀት እዚ ፕሮጀክት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንምዝዛም መደብ ዝተትሓዘ እንትኸውን በጀት እዚ ፕሮጀክት ካብ ዝተፈላለዩ ኣታዊታት ቤት መዘጋጃ ከተማ መቐለ ዝሸፈን ኾይኑ ብልቓሕ ኣብ ሰለስተ ዓመት ዝኸፈል ከም ዝኾነ ተሓቢሩ ።

ምክትል ከንቲባ ከተማ መቐለ ኣይተ ኤልያስ ካሕሳይ ከምዝበልዎ፤ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ መንደር ሚዘር 70 ካሬ ዘሎ ፀገም መሰረተ ልምዓት ንምቕራፍ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ሰፊሕ ትኹረት ሂቡ ይሰርሕ ከምዘሎ ብምግላፅ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ፀገም ግልጋሎት መብራህቲ ከም ዝተፈትሐ ብምዝኽኻር ሕዚ ድማ ፀገም ቀረብ ማይ እቲ ከባቢ ንምፍታሕ ካቢኔ ከተማ መቐለ ከም ዝወሰነ ገሊፆም። ዘላቒ መፍትሒ ፀገም ማይ ከተማ መቐለ ህንፀት ገረብ ግባ ከም ዝኾነ ዝገለፁ ኣይተ ኤልያስ፣ብምትሕብባር ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብ ባንኪ ልማት ኣፍሪካ ብዝተረኸበ 10 ሚሊየን ዶላር ሓገዝ ገረብ ሰገን ቑፅሪ 2 ንምህናፅ ዉዕሊ ከም ዝተኣሰረ እውን ሓቢሮም።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ መቐለ ኣይተ ወረስ ገ/ፃድቓን ከምዝበልዎ ድማ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ዝሃንፆም ዘሎ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ልምዓት ዝተፈለየ በጀት ሂልይዎ ዘይኮነስ ውሽጣዊ ኣታዊታቱ ብምጥንኻርን ዝተፈላለዩ ደገፋት ብምትእልላሽን ከምዝኾነ ገሊፆም። ናይዚ መቐፀልታ ድማ ካቢነ ከተማ መቐለን ማናጅመንት ቤት መዘጋጃን ብዝወሰናዖ መሰረት ኣብ ሰለስተ ዓመት ብልቓሕ ዝኸፈል ብልዕሊ 1.1 ቢልዮን ብር ዝርገሐ ማይ መንደር ሚዘር ከም ዝሳለጥ ተዛሪቦም።

ስራሕ መካየዲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ከተማ መቐለ ዶ/ር ኣሸናፊ ዘ-ኣብርሃ ብወገኖም፣ ኣብዚ ሕዚ ከተማ መቐለ 120 ሽሕ ሜትሪክ ኩዩብ መዓልታዊ ቐረብ ማይ ዘድሊ እንትኾን ሕዚ ዘሎ ቀረብ ማይ ግና 35 ሽሕ ሜትሪክ ኩዩብ ከምዝኾነ ገሊፆም። ቀረብን ጠለብን ማይ ፈፂሙ ክጠዓዓም ስለዘይከኣለ ትልምታት ሓፂር፣ ማእከላይን ነዊሕን ዓመታት ብምሕንፃፅ እናተሰርሐ ከምዘሎ ሓቢሮም ክብል ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ከተማ መቐለ ከምዝገለፀ ካብ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት፡፡



# ስፖርት



## ሽግ ኦሉምፒክ- ኣብ ከተማ መቐለ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን 2024 ዝካየድ ፓሪስ ኦሎምፒክ መርሃ ግብሪ መጀመሪ ሃገር ለኸ ቅብብል ሽግ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ተኻይዱ። ኣብቲ መርሃ ግብሪ መጀመሪ፣ ፕሬዚዳንት ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ሓጋዚት ኮሚሽነር ኣትሌት ደራርቱ ቱሉን ካልኦት ኣመራርሓታትን ተረኺቦም።

ኣብ ዝቕፅል ወርሒ ሓምለ 2016 ዓ.ም ንዝካየድ መበል 33 ኦሎምፒክ ፓሪስ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ኣቕዲሙ ምንቕቓሕ ንምፍጣር ዝዓለመ መርሃ ግብሪ ከምዝኾነ ተገሊፁ። ኣትሌት ደራርቱ ኣብቲ እዋን ከምዝገለፀኦ፣ እቲ ሽግ ኦሎምፒክ ናብ ኩሉን ክልላት ጉዕዞ ምስገበረ 6 ሓምለ 2016 ዓ.ም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፍፃምኡ ከምዝገብር ኣብሪሀን።

"ንኢትዮጵያ ኣብ ኣደባባይ ዓለም ዘፀውዑ ብዙሓት ኣትሌታት ካብ ክልል ትግራይ ወፂኦም ኢዮም" ዝበላ እተን ሓጋዚት ኮሚሽነር፣ ኣብ ቀፃሊ 'ውን ተተካእቲ ንምፍራይ ምስ ኮሚሽን ስፖርት እቲ ክልል ብምቕርራብ ከምዝስራሕ ኣፍሊጠን።

ኦሎምፒክ ሰላም፣ ፍቕሪን ሓንድነትን ዝንፀባረቐሉ ብምዃኑ እቲ ሽግ ኦሎምፒክ ኣብ መላእ እታ ሃገር እንትዘዋወር ሓድነት ኢትዮጵያ ዝጥንክረሉ ክኸውን ከምዝግባእ ምግላፀን እውን ግ.ዜ.ኢ. ፀብፂቡ።

ኣብ ቀፃሊ ተረኛ ዝኾነ ጉጅለ ኣትሌቲክስ ፌዴሬሽን ክልል ቤንሻንጉል ጉሙዝ እቲ ሽግ ተቐቢሉ 'ዩ። ኣብቲ መርሃ ግብሪ ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያን ናይቲ ክልል ኣባላት ኣመራርሓ ተረኺቦም ናይቲ ኦሎምፒክ ሽግ ብምሓዝ ጉዕዞ እግሪ ተኻይዱ 'ዩ።



ሽግ ኦሉምፒክ- ኣብ ከተማ መቐለ እንትካየድ




## መበል 53 ቻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ትማሊ ተጀሚሩ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- መበል 53 ቻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ትማሊ ብደማቕ ስነስርዓት መኽፈቲ ተጀሚሩ። ኣብቲ መኽፈቲ ስነስርዓት ሚኒስትር ባህልን ቱሪዝምን ኣይተ ቀጀላ መርዳሳ፣ ኣብ ሚኒስቴር ባህልን ስፖርትን ዴኤታ ሚኒስትር ዘፈር ስፖርት ኣምባሳደር ምስፍን ቸርነት ከምኡ 'ውን ፕሬዝዳንት ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ኮምሽነር ደራርቱ ቱሉ ሓዊሱ ተወዳዳርትን ቤተሰብ ኣትሌቲክስ ተረኺቦም 'ዮም።

እዚ ብኣዳላውነት ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዓመታዊ ውድድራት እቲ ሓደን ዓብይን ዝኾነ ቻምፒዮና ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ 'ዩ። ካብ 1963 ዓ.ም ዝጀመረ እዚ ነባር ውድድር ሎሚ ዓመት 'ውን ንመበል 53 ግዜ ኣብ ኣካዳሚ ስፖርት ኢትዮጵያ ተኸፊቱ 'ዩ። ካብ ጥሪ 21 ክሳብ 26/2016 ዓ.ም ኣብ ዝፀንሕ ውድድር ድማ ሓሙሽተ ክልላትን ምምሕዳር ከተማን ከምኡ 'ውን 27 ክለባት ፣ሽሕን102 ዝኾኑ ኣትሌታት ፣ካብ ሓፂር ክሳብ ነዊሕ ናይ መም ጉያ ፣ ናይ ውርወራን ዝላን ስፖርት ክሳተፉ 'ዮም። ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዝርከቡ ማእኸላት መሰልጠንቲ ኣትሌቲክስን ኣብ ኣካዳሚን ዝስልጥኑ ተተካእቲ ኣትሌታት እዚ ዕድል ውድድር ክረኽቡ 'ዮም። እዚ ውድድር ንምክያድ ልዕሊ ሰለስተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልየን ብር ወፃኢ ዝተገበረ እንትኾን ፣160 ዝኾኑ ባዓል ሞያታት ዝምራሕ 'ውን 'ዩ።

## ስነ ስርዓት መርዓ

## መኣዲ ጥበብ

መርዓ ካብ ሕፀ ጀሚሩ ናይ በዓሉ ስርዓትን ኣካይዳን ኣለዎ። ኣብ ሃገርና መብዛሕትኡ ግዘ ስነ ስርዓት መርዓ ዝፍፀመሉ ኣብ ወርሒ ጥሪ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ገጠር ወርሒ ጥሪ መርዓ ዝበዝሐሉ እዋን 'ዩ። ስነ ስርዓት መርዓ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ዝፈላለ ኮይኑ ካብ ቀዳሞት ወለዲ እናተወራረሰ ዝመፀ ናይ በዓሉ ስርዓት ኣለዎ። መርዓ ናይ በዓሉ ቕደም ሰዓብ ኣለዎ። እቲ ስነስርዓት መርዓ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ብዝተወሰነ መልክዑ ዝፋላለ እንተኾነ መብዛሕትኡ እቲ ከይዲ ተመሳሳሊ 'ዩ።

ሰባት ንመርዓ ወይ ንመውስቦ እንትመርፁ ናይ በዓሎም መዐቐኒ ኣለዎም። መብዛሕትኡ ግዘ ወዲ ከባቢኻ፣ ጭውነት፣ ሃፍቲን ሃይማኖትን ወዘተ ዝብሉ ነገራት ኣብ ግምት የእትዉ 'ዮም። ብፍላይ እቶም መፃምዲ ደቒ ዓዲ ክኾኑ ዝመርፅሉ ቐንዲ ምኽንያታት ሓንሳብ ምስተዋሰብካ ከም ቤተሰብ ኮይንካ ኣብ ሓጎስን ሓዘንን ስለ እትደጋገፍ ኮይኑ እቲ መውስቦ ኣብ ከባቢኦም ክኸውን ይመርፁ። ከምኡ 'ውን እታ ንመውስዎ ዝመርፅዋ ጓል ኣነስተይቲ ወይ ዝምረፅ ወዲ ተባዕታይ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ተሓሳቢ ክኸውን ይድለ ወይ ትድለ። ከምኡ 'ውን ክልቲኦም ብስርሖምን ብኣተሓሳስቦምን ጎበዛት ክኾኑ ይምረፁ። ካብዚ ሓሊፉ 'ውን ዓሌትን መልክዕን ኣብ ግምት ዘኣትወሉ ኩነታት ኣሎ።

ሕፀ ንምፍፃም ብፍላይ እቶም እንዳ ወዲ ነዚ ኣብ ግምት ምስ ኣእተዉ ናብ እንዳ ጓል ሕፀ ንምጥያቕ ሽማግለ ይልእኹ። ከከም ከባቢ እኳ ብዝተወሰነ ደረጃ ይፈላላ እንተኾነ መብዛሕትኡ ዘመሳስሎ ጉዳይ ኣሎ። ወይ ኣዝዩ ዝተቐራረበ ኣካይዳ ኣለዎ። ብእንዳ ወዲ ወገን እቲ ውሉድ ንዓቕመ ኣዳም ምስበፅሐ ኣብቲ ዓዲ ብኽእለቱ ነፍዕነቱን ዝተመስከረሉ ክኢላ ሰብ ተመሪፁ ናብ እንዳጓል ይለኣኽ። እቶም እንዳጓል ነቲ ወዲ ብፍላይ ከዓ ንስድራቤቱ እንተዘይ ደልዮሞም ዝተፈላለዩ ምኽንያታት የቕርቡ። ዝቕበሉዎ መውስቦ እንተድኣ ኾይኑ ግን ንምጉብዒብ ዝኣክል ‹‹ምስ ኣሕዋት ተማኺርና ከንነግረኩም ወይ



ክንሓስበሉ ጊዜ ሃቡና›› ብምባል ነቶም ሽማግለታት ይመልስዎም። እቶም እንዳ ወዲ ድማ መዓልቲ ቖፂሮም ይምለሱ ካብኡ ፍቓደኛታት እንተኾይኖም በቶም ሽማግለታት ገይሮም ከዓ ከምቲ ልሙድ ኣዘራርባ ‹‹እምባ ኮይንኩም ክተፀጉዑና፣ ጎልጎል ኮይኑኩም መሳፍሒ ከትኾኑና፣ ጓልኩም እገሊት ንእገለ ወዲ እገለ ክትህቡና ኢና መፂእናኩም›› ኢሎም ኢድ ይነስኡ እንዳ ጓል ከዓ ብወገኖም ‹‹ከተኸብሩና ደኣ ደሊኹም 'ምበር ዓበይትን ደቂ ዓበይትን ንስኹም ኢኹም ስለዚ ዝመረፅኩማ ጓልና ሂብናኩም ኣለና ትብፃሕኩም›› ምስ በሉዎም እንዳ ወዲ ኣመስጊኖም ኢድ ነሲኦም ይቕመጡ፤ ብድሕር 'ዚ በቲ ሽማግለ ዕላዊ ቖፀሮ ይግበር።

ኣብ መዓልቲ ሕፀ ኣቦ ወዲ ነታ ሕፅይቲ ዝኸውን ብብዓይነቱ ጥልፍን ካልኦትን ከምኡ 'ውን ኣብ እዝና እትኣስሮ ጐባጉብ ሒዞም ይመፁ። እዚ ኸዓ

> ‹‹እምባ ኮይንኩም ክተፀጉዑና፣ ጎልጎል ኮይኑኩም መሳፍሒ ከትኾኑና፣ ጓልኩም እገሊት ንእገለ ወዲ እገለ ክትህቡና ኢና መፂእናኩም››

እታ ጓል ከም ዝተሓፀየት ዝምስክረላ ምልክት 'ዩ። ኣብ ርእሲኡ 'ውን ንገፅ ምርኣይ ተባሂሉ እንዳ ወዲ ዝተወሰነ ገንዘብ ሒዞም ይመፁ 'ዮም። እንዳጓል 'ውን ብወገኖም ነቲ ዘጥፍኡዎ ገንዘብ መሸፈኒ ተባሂሉ ገንዘብን ጥሪትን ይወሃብ 'ዩ። መብዝሕትኡ እቲ ሽዑ ዘስምዑዎ ገንዘብን ድሕሪ መርዓ 'ዩ ዝወሃብ።

እቲ መርዓ ምስ ኣተወ ዝተፈላለዩ ድግስ ይግበር። ፍርቂ መዓልቲ ኣቢሉ ወይ ኣጋምሽት ወራድ መርዓ ነቲ መርዓዊ እናዓጀቡ ናብቲ እንዳ ጓል ይኸዱ። ነጋሸወዎ እናበሉ 'ውን ናብቲ ዳስ ምስ ኣተዉ ብስነ ስርዓት ክቕመጡ ይግበር። ካብኡ ክቕመጡ ምስተገብረ ቐፂሉ ድማ እቶም ዕዱማት እንዳጓል ግዲኦም ናብ ደገ ወፂኦም ነጋሽዎ እናበሉ ይኣተዉ። ካብኡ ናይ ዋሕስ ስነ ስርዓት ይግበር። ቐፂሉ ድማ እኽለማይ ምስተበልዐን ምስተሰትየን ናብ ፀወታ ይእቶ።

ድሕሪ እናተፃወቱ ምሕዳሮም እቶም ወራድ መርዓ ናብ ገዝሚ ይኣትዉ። ኣቦታት ጓል እቲ ኣብ ሕፀ ብእንዳወዲ ንሸልማት እታ መርዓ ዘውፅዎ ወፃኢ ተሓሳቢ ተገይሩ ንእንዳወዲ ይወሃብ። እዚ ድማ ገዝሚ ይባሃል። ገዝሚ ግዴታ ኣይኮነን። ኮይኑ ግና ባህሊ ስለዝኾነ መብዛሕትኡ ግዜ ዝቐሪ ኣይኮነን። ካብኡ እቶም እንዳወዲ ድማ ንሕና ሰብ 'ምበር ገንዘብ ኣይኮናን ደሊና መፂና። ኮይኑ ግና ዝተዋሃበና ገንዘብ መሊኡ 'ዩ። ሕጉሳት ኢና፤ መሊኡ! መሊኡ! ክንድዝስ ኣይተፀበናን ክብረት ይሃበልና! የቐንየልና! ይብሉ።

እቶም ኣዕሩኽ ድማ ናብቲ መርዓት ዘላቶ ውሻጠ ኣትዮም ናብቲ ዳስ የምፅእዋ። መርዓት እቲ ወርቂ ጐባጉብን ወርቂ ኰትቻን ተሰሊማ ግልብጭ ተቘኒና ገፃ ተሸፊና ኣዝያ 'ያ ትምዕርግ። ጥዋፍ ኣብሪሆም፣ መዕረኺ ሕንባሻ ሒዞም ኢዶም ኣብ ርእሲ መርዓት ኣንቢሮም በቢታራ ናይ ምዕራኽ ስነ ስርዓት ይካየድ። ካብኡ ንምምላስ ንቕሎ ስለዝኸውን መርዓዊን መርዓትን ኣብቲ ዳስ ደኒኖም ይምረቑ። ድሕሪ እዚ እቶም ወራድ መርዓ እናደረፉ፣ ኣዋልድ እቲ ዓዲ ኸዓ መርዓት ሒዞም ንዓዶም እንትምለሱ ዝተፈላላየ ደርፊ እናደረፋ ካብቲ ዳስ የፋንወኦም።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ